# ኣብ ምግባረ-ሰናይን ማሕበራትን ሕጊ ኢትዮጵያ ናይ ተጠቓምቲ ማንዋል

ACLP

CIVIL SOCIETY
RESOURCE CENTER

የኢትዮጵያ ፌደራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ
የሲቪል ማኅበረሰብ ድርጅቶች ኤጀንሲ

Ferderal Democratic Republic of Ethiopia
AGENCY FOR CIVIL SOCIETY ORGANIZATIONS

# ትሕዝቶ


**መልእኽቲ ኻብ ዳይሬክተር ጀነራል** 2
**መዘኻኸሪ** 3
**ምህጻረ ቓላት** 4
**ምእራፍ 1 : መእተዊ** 6
አድላይነት ሃዱሽ ናይ ህጊ ማእቀፍ 7
ብ ትሲማ አዋጅ ቁ. 1113/2012 ዝተአታተዉ ቐንዲ ለውጥታት 10
**ምእራፍ 2 : ወሰን ተፈጻሚነት** 15
**ምእራፍ 3 : ናይ ትካላት ሲቪል ማህበራት ኤጀንሲ** 17
እላማ እቲ ኤጀንሲ 18
ስልጣንን ሃላፊነትን እቲ ኤጀንሲ 18
አወቓቕራ እቲኤጀንሲ 18
እቲ ቦርድ 21
ዳይሬክተርን ምኽትል ዳይረክተር 21
**ምእራፍ 4 : አብ ምጥያሽ ትሲማ ን ናይ ምዝገባ አካይዳ አመላኻቲ መርሃት** 22
ትሲማ ንምጥያሽ አመላኸቲ መርሃት 24
አካይዳ ምዝገባ 25
**ምእራፍ 5 : ዐይነታት ትካላት ሲቪል ማህበራት** 25
ምግባረ-ሰናይወፃኢ አንጻር ናይ ኢትዮጵያ ማሕበራት 26
ምግባረ-ሰናይወፃኢ 28
ናይ ኢትዮጵያ ትሲማ 29
**ምእራፍ 6 : ጉዳያት ትግበራ አብ ስር ህጊ ትሲማ** 29
ናይ ትግበራ ነጻነት 29
ናይ እታወ ምትእልላሽ ፣ ምቕባልን ምጥቓምን ነጻነት 30
ውሽጣዊ ናይ ፋይናንስ ቑጽጽር ሲስተም 34
አመሃድራ ትሲማ 35
ሪፖርትን ቑጽጽርን 36
አይነታት ሪፖርትን ናይ መቕረቢ ግዜ 36
ሪፖርት 37
ናይምትግባር ስጉምቲ 37
ምውሃድ፣ ምምቓልን ምቕያርን 38
አመሃድራዊ ስጉምትታት 38
መጠንቐቕታ 39
ምእጋድ 40
ምፍራስን ምስራዝን 40
ናይ ምስማእ መሰ 41
ወጽኢት ምፍራስ 42
ናይ ዓርሰ ምምህዳር መርህ 46

# ኢፌዴሪ ኤጀንሲ

# መልእኽቲ ኻብ ዳይሬክተር ጀነራል

ኢትዮጵያ ብሃፈሻ ናይ ማህበራዊ ኢኮኖምያዊን ፖለቲካዊ ብፍላይ ናይ ትሲማ ሴክተር ብአሉታዊ መንገዲ ዝቕይር ሃገራዊን መሰረታዊን ለውጥታት አታአታቲዋ አላ። ነዚ መርገጺ ብዘርእይ አንጻር ድማ መንግስቲ ነቲ በብዙሓት ኢትዮጵያ ብዘሃለፉ አሰርተ አመት ከውዘጽኣቶም ኣፈንቲ ህጊታት እቲ ሃደ ከምዝኾነ ዝእመነሉ ኣዋጅት ትካላት ምግባረ-ሰናይን ማሕበራትን ቁፅሪ 621 ንምቕያር ግዜ አያጥፈዐትን። ኻብ ቕድሚኡ ዝነበሩ ብዝተፈለየ እቲ ሃዱሽ ኣዋጅ ትካላት ማሕበራት ቁፅሪ 1113/2011 ብነጻ በኣልሞያታት በቲ ከምህዱሽ ዝተጣየሸ ናይ ቤት ምኽሪ አማኻሪ ጉዳያት ሕግን ፍትሕን ዝተዳለወ ኮይኑ ቕድሚ ብ ፓርላማ ምጽዳቑ በዝተፈላለዩ ምስ ትሲማን በኣልድርሻ አካላትን ዝተሳተፉሎም ናይምኽኽር መድረኻት ኽሃልፍ ተገይሩ እዩ።

እላማ እቲህጊ በቐንዲ አብህገመንግሲ ኢፌድሪን አለምለኽ መሰል ሰባት ዝርከብ መሰል ምእኻብ ንምኽባር፣ ን ትሲማ ጥጡህ ኹነታተት ብምፍጣር ነቲ ሀገራዊ ቐጻልነት ዘለዎ እብየት ዴሞኽራሲ ን መሰልን ንምምጻእ ዝግበር አብዘሎ ተግባር ድርሻኦም ከበርኽቱን ህዝቢ ኻብ ተግባር ትሲማ ተጠቃሚ ምኳኑ ምርግጋጽ እዩ።

እቲ ሀዱሽ ህጊ ትሲማ ምውጻኡ ስኢቡ እቲ ናይ ኤጀንሲ ሲሲቪል ማሕበራት /ኤሲማ/ ንቲ ሴኽተር ንምህያሽ ምስ ትሲማ ማህበራት ተሳትፎ ብምእባይ ነቲ ሀዱሽ ህጊ ምሉእ ብሙሉእ ተጋባረዊ ንምግባር ቕልጡፍን ውጽኢታዊን አገልግሎት ብመሃብ ጻእሪ ይገብር አሎ። ብተወሳኺ እቲ ኤጀንሲ ገፊህ ስራህትታት አብ አቕሚ ምእባይ፣ ሲስተም ምቕራጽን ፣ መምርሂን ማንዋል አብምእባይን ሀበሬታ አብምፍጣርን ይሰርህ አሎ። ንዚ ንምዕዋት እቲ ኤጀንሲ ን አፍሪካ ሲቪል ሊደርሺፕ ፕሮገራም ሃዊሱ ምስ ብዙህ አጋራት ይሰርህ አሎ። እቲ ኤጀንሲ ናይቲ ኤጀንሲ ሃላፊነትን ስራህን ተግባራዊ ንምግባር ምስ አፍሪካ ሲቪል ሊደርሺፕ ፕሮገራም ናይ መረዳድኢ ሰነድ ተፈራሪሙ እዩ። አካል እቲ መረዳድኢ ሰነድ ድማ ኤሲማ ን አፍሪካ ሲቪል ሊደርሺፕ ፕሮገራም ን አብ ኢትዮጵያ ንዜጋታት፣ ትሲማ ወይድማ ንዝኾነ ድልየት ንዘለዎ አካል አብ ምጥያሽን ስራህን ትሲማ ኽመርህ እላማ ዝገበረ እዚ ናይ ተጠቐምቲ ማንዋል ከዳልዉ ጸኒሆም እዮም። ብመሰረት ሰፊህን ሞያዊ አይነታት አድመጽቲ ንምርኻብ ብዝተገበ ጻእሪ ድማ እዚ ማንዋል ንተጠቐምቲ ቐሊልን ንተጠቃሚ ርዱእ ብዝኾነ ደረጃ ኽርከብ ተገይሩ ተዳልዩ አሎ።

እዚ ማንዋል ን ትሲማ ጥጡእ ባይታ ብምፍጣር አብ ኢትዮጵያ እብየት ዴሞኽራሲ ን ሰላም አብምእባይ አብዝግበር ዘሎ ጻእሪ አበርኽቶ ኽገብሩ ንዝገበር ዘሎ ጻእሪ ከምዝድግፍ ምሉእ እመነተይ እዩ።

በዚ አጋጣሚ ን አፍሪካ ሲቪል ሊደርሺፕ ፕሮገራም አብ ምድላው እዚ ማንዋል ንዝገበርዎ ናይ ፋይናንስን ቴክኒክን ሀገዝ ምስጋናይ የቕርብ።

ጂማ ዲልቦ
ዋና ዳይሬክተር
ሲቪል ማህበረሰብ ድርጅቶች ኤጀንሲ

# መዘኻኸሪ

ዝተገለጹ ሃሳባት ናይቲ መዳለዊ ምዃኖምን ሃሳብ አፍሪካ ሲቪል ሊደርሺፕ ፕሮግራም ዘንጸባርቑ አይኾኑን።

# ምህጻረ ቓላት

| | |
|---|---|
| ኤሲማ | ኤጀንሲ ሲቪል ማሕበራት |
| ትሲማ | ትካላት ሲቪል ማሕበራት |
| ኣትሲማ | ኣዋጅ ትካላት ሲቪል ማሕበራት ቑፅሪ 1113/2011 |
| ኣትምሰማ | ኣዋጅ ትካላት ምግባረ - ሰናይን ማሕበራትን ቑፅሪ 621/2001 |
| ቤምኣጉሕፍ | ቤት ምኽሪ ኣማኻሪ ጉዳያት ሕግን ፍትሕን |

# ምእራፍ 1
# መግቢያ

# ምእራፍ 1

# መእተዊ

## 1.1 አድላይነት ሃዱሽ ናይ ህጊ ማእቀፍ

መሰል ምውዳብ ኣብቶም ኣብ ህገ መንግሰቲ ኢፌድሪን ኢትዮጵያ ኣብ ዝተቐበለቶም ኣለምለኸ መሰል ደቂሰብ ስምምኣት መሰረታዊ መሰል ደቂ ሰባት እቲ ሃድ እዩ። ኣብ ህገመንግሰቲ ኣንቐጽ 31 ዜጋታት ናይ ንዝኾነ ህጋዊ እላማ ናይ ምውዳብ መሰል ከምዘለዎም ዝተረጋገጸ ኽኾን እዚውን ኢትዮጵያ ኣባል ኣብዝኾነትሎም ኽልላዊን ኣለም ለኸ ስምምእት ይርከብ። ትካላት ሲቪል ማሕበራት /ትሲማ/ ናይ መሰል ምውዳብ ተግባራዊ ኣብዝኾነሎም ዋና መግለጺ እዩ። ን ኣልኦት መሰል ደቂ ሰብ ኣብ ምህላውን ኣብምእባይን ጠቓሚ መሳርህ እዮም። ቐንዲ እላማ ዝኾነ ነዚ ሴክተር ከማሃድር ዝተኣለመ ህጊ ድማ ን ትሲማ ምጥያሽን ንምንቕስቓስ ዘኽእል ጥጡህ ኹነታት ምፍጣር እዩ። ብተወሳኺ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብምምጻእ ቐጻልነት ዘለዎ እብየትን ዴሞክራሲን ኣብቶም ቐንዲ ተዋሳእቲ ተገይሮም ይውሰዱ።

በዚ መዳይ ንትሲማ ዝምልከቱ ምሩጻት ኣለምለኸ ደረጃታትን ልምድታትን ህግታት ኣብ ትሲማ ገደባትን ቕጽኣትን ኣብ ምትግባር ትኹረቶም ኣብ ምድጋፍን ጥጡህ ኹነታት ኣብምፍጣርን ኽገብሩ ከምዘለዎም የርእዩ። ብተወሳኺ ዞም ደረጃታት ምዝገባ ትሲማ ቐሊል፣ ቕልጡፍን ግልጽን ኽኸውን ይደልዩ። ኣገልግሎት መመሃዳሪ ኤጀንሲ ኣቕሚ ትሲማ ኣብ ምእባይን ኣብውሽጣዊ ስራህትታት ብዘይ ተጋነነ ጣልቃ ኣታዊነት ብመሰረት ህጊ ከምዝሰርሁ ምርግጋጽ እዩ። ኩልግዜ ትሲማ ኣብ ውሳኔ እቲ መመሃዳሪ ኣካል ናብ ቤት ፍርድ ጥርኣን ከቕረቡ መሰል ኽህልዎም ኣለዎ። ብተወሳኺ ትሲማ ኣብ ህጋዊ ምንጪ እታወታት ናይ ምትእልላሽ፣ ናይምርኣብን ናይ ምጥቃምን ፣ መስረቲን/ ኣባላት እቲ ትሲማ ከሰርህ ዝደልዮ እላማ ናይምውሳን ነጻነት ኽህልዎም ኣለዎ።

ይኹን እምበር እቲ ንዘሃለፉ 9 ኣመታት ንቲ ሴክተር ከማሃድር ዝጸንሐ ኣዋጅ ትካላት ምግባረ-ሰናይን ማሕበራትን ቁፅሪ 621/2009 ብጽሁፍን ብመንፈስን ኣብ ህገመንግስታዊን ኣለምለኸ ደረጃ ብወሳኒ ደረጃ ዝረኃቐ እዩ። በቐዳማይነት እቲ ህጊ ኣብ ሞንጎ ትካላት ሲቪል ማሕበራትን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ተፈጥሮኣዊ ኣብዘይኾነ ኣፈላልያ ዝለኣል እዩ።

ኣብ ጽሁፋት እቲ መራሂ ፓርቲ ብተደጋጋሚ ትሲማ ምስ ሰፊህ መሰረት ዘለዎም ትካላት፤ ከም መሃበር ደቂ ኣንስትዮን መናእሰይን ማእረ ከምዝኾነ ፣ ኹሎም ኣብ ወጻኢ ሀገዝ ገንዘብ ዝረኽቡ መንግስታዊ ዘይኾኑ ትካላት ከም ወኪል ሃጋራዊ መሰረት ዘይብሉ ኣካል ወጻኢ ተገይሮም ከምዝምደቡን በዚውን ኣብ መሰል ደቂ ሰብ ፣ ጾታ ን መንግሰቲን ጉዳያት ምንም ኣይነት ተሳትፎ ከይህልዎም ዝተገለጸ እዩ።

እዚ ናይ ርእዮተዓለም መበገሲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ትሲማ ብ ናይ ኢትዮጵያ ማሕበራት ን ምግባረ-ሰናይ ነበርቲ ናብ ዝብልን ኣብቲ ዳህራይ ብመዳይ ምስትእንጋድ ብዛጊድ ዝዋፈረሎም ዘርፍታት፣ ናይ ሪፓርት ግዴታታትን ናይ መሰል ናብ ቤት ፍረዲ ጥርኣን ምቕራብ ኣድሎኣዊ ኽኸውን ገይሩ እዩ።

ብዝውን እቲ ህጊ ኣብ ምሙላእ ኣለምለኻዊን ህገመንግስታዊን ደረጃታት ቐጺሎም ብዝርከቡ ኣውድታት ኽወድቕ ግይሮ እዩ። ብቐዳምነት ህቲ ህጊ ኣብቲ ኣዋጅ ኣንቐጽ 14 ከምዝተገለጸ ትሲማ ኽምስረት ዝኽእል ንዝተገለጹ እላማትት ጥራህ ( እቲ ህገመንግስቲ ንዝኾነ እጋዊ እላማ ምውዳብ ዝፈቐደ ይኹን እምበር ) ናይ ሰባት መሰል ናይ ምውሳን እላማ እቲ ትሲማ ይግድብ።

ኻልኣይ እቲ ህጊ ኣብ ትሲማ ኣፋላላይ ገይሩ ትሲማ ኣብ እብየትን ኣገልግሎት ዝሰርሁ ኻብ ወጻኢ ናይ ፋይናንስ ህገዝ ኽረኽቡ ፣ ኣብ መሰል ደቂሰብ፣ ጾታ፣ ማእርነት፣መሰል ጉዱኣት ኣካል፣ መሰል ህጻነት፣ ድጋፍ ስርኣት ፍትሂ ከምኡውን ኣብ መኽእኣል ህይማኖትን ብሄርን ዝሰርሁ ትሲማ ድማ 90/100 ናይ ፋይናንስ መሰረቶም ኻብ ውሽጢ ኣዲ ምንጪ ኽረኽቡ የገድድ። ኻብ ኣፋላላይ ምግባርን መሰል ምውዳብ ምግዳብን ብተወሳኺ እዚ ግዴታ ናይ ትሲማ ስራህ ኣብ ሰብኣዊ መሰል ገዲቡ ኣብ ብህፈሻ ሃለዋ ሰብኣዊ መሰል ብፍላይ ድማ ኣብ መሰል ተጋለጽቲ ኽፍሊ.ታት ኣብዝሰርሁ ድማ ኣሉታዊ ተጽእኖ ፈጢሩ እዩ።

ሳልሳይ፣ ብተግባር እቲ ህጊ ምእባለ ትሲማ ኣብ መሰል ትኹረት ከይገብሩን ኣርሶም ኣብ ኣገልግሎት ምሃብ ኽግድቡን ገይሩ ንዜጋታት መሰሎም ብምምሃር ንምብቓእ ዝነበረ ገፊህ ተወፋይነት ትሲማ ገዲቡ እዩ። በምኽንያት ናይ ውሽጢ ኣዲ ፋይናንስ ናይምርኻብ ከቢድነት ( ብምኽንያት ድኽነትን ህጽረት ባህሊ ምድጋፍ እላማ ኸማኡውን ኣብ ሰብኣዊ መሰል ዝሰርህ ትሲማ ኽድግፍ ኣንተተረኺቡ ኽበጽህ ዝኽእል ጽእንቶ ብምፍራህ) ኣብ ሃገር ዝነበሩ ውሑድ ኣብ ሰብኣዊ መሰል ዝተዋፈሩ ትሲማ እላማኦም ኽቕይሩ ወይድማ ኣብ ዝተሃተ ደረጃ ኽሰርሁ ተገዲዶም እዮም።

ራብኣይ እቲ ኣትምሰማ ኣብ ትሲማ ኣፋላለይ ብምግባር ናይ ኢትዮጵያ ማሕበራት ጥራህ ኣብ ዘይምምዝጋብ፣ ናይ ምእጋድ ወይድማ ናይ ምፍራስ ውሳኔ እቲ ኤጀንሲ ናብ ቤት ፍርዲ ጥርኣን ናይምቕራብ መሰል ይህብ። ብውጽኢት ደረጃ እዚ ማለት ዜጋታት ምንጪ ፋይናንሶም ኻብ ወጻኢ በምኳኑ ጥራህ ናይ ምውዳብ መሰሎም ኽጣሃስ ከሎ ናብ ቤት ፍርዲ ጥርኣን ከቕርቡ ኣይኽሉን ማለት እዩ።

ሃሙሻይ ብቲ ኤጀነሲ ዝወጽእ መምርሂ ምግባረ ሰናይ ምስ ካልኦት ተመሳሳልቲ ማህበራት ምርኻብ/ምትህግጋዝ ይኽልኽል። ምግባረ-ሰናይ ወፃኢ ን ምግባረ-ሰናይ ነበርቲ ምስ ናይ ኢትዮጵያ ማሕበራት ናይ ሃባራ መድረኽ ኽፈጥሩ ኣይኽእሉን። ትሲማ ናይ ምትህግጋዝ/ምትህብባር/ ኽፈጥሩ ኣይበረታትዑን ምኽንያቱም ነቲ ምትህግጋዝ ዝገብርዎ ኣስተዋጽኦ ከም ኣማሃድራዊ ወጻኢ ስለዝውሰድ እዩ።

ሻዱሻይ ናይ 70/30 መምርሂ ብዙህ ናይ ፕሮግራም ወጻኢ ከም አመሃድራዊ ወጻኢ ይምድብን ናይ ትሲማ አማህድራዊ ወጻኢ ኻብ 30/100 በጀቶም ኽበልጽ ኽምዘይብሉ የቐምጥ። ብምኽንያት እዚ ገደብ ትሲማ ዘለዎም ሰራህተኛ ሂዞም ንምቕጻል ይከብድ፣ አብ ርሁቕ ቦታት ንመስራህ፣ ብኽፍሊት መጽናእቲ ናይምግባር ወይድማ ናይ ስልጠናን ጽንአትን ተግባራት ከም አማሃድራዊ ኾይኖም ስለዝምደቡ አብቲ መምርሂ ዘሎ ገደብ ከሟልኡ አይኽእሉን።

ሻውአይ፣ እቲ ህጊ ትሲማ አታዊ አብዝረኽቡሉ ስራህቲ ኽዋፈሩ ዝኽእሉ ምስ ዝሰርህዎ ስራህ ዝራኸብ ኽኸውን ከምዘለዎ ስለዝድንግግ  ሰብአዊ መሰል አብ አታዊ ኽርከበሉ ዝኽል ንግዲ ኽውእል ስለዘይኽእል አብ ሳብኣዊ መሰል አብ ንዝሰርሁ ትሲማ ጎዳኢ ይገብሮ።

አብመጨረሻ እቲ ህጊ  አንጻር ጥህሰት ብዘይ እኹል ሃለዋ ን ኤጀንሲ ሲቪል ማሕበራትን ምግባረ ሰናይን ገፊህ ናይ ምእጋድ፣ ምስራዝን ኻልኦት አማሃድራዊ ስጉምቲ ናይምውሳድ ስላጣን ይህቦ።


ብዞም አብ ላእሊ ዝተገለጹ ምኽንያታት፣ ብ አለምለኸ ማህበረሰብ በኣፋኒነቱ ዝፍለጥ ኾይኑ ምስሊ ኢትዮጵያ አብ አለም ጎዲእዎ እዩ።

አብ ኢትዮጵያ ብ ማዝያ 2011 ናይ ለውጢ ሃይሊ ናብ ስልጣን ምምጻኡ ስኢቡ መንግስቲ ን ዓፈንቲ ህግታት ከምዘመሃይሽ ዘለዎ ተበጋስነት አፍሊጡ ብዚ ዛጊድ ድማ ን ምምህያሽን ለውጥን ዘማኽር ቤት ምኽሪ አማኻሪ ጉዳያት ሕግን ፍትሕን (ቤምአጉሕፍ) አጣይሹ ። ናይ ትሲማ ህጊ ምምህያሽ ዝሰርህ ጉጅለ ብ ቤምአጉሕፍ ተጣይሹ አብ አዋጅ ትካላት ምግባረ-ሰናይን ማሕበራትን እምቐት ዘለዎ ናይ ፈተሻ ጽንአት አካይዱ። ብትጽንአት ድማ ብቶም ልእል ኢሎም ዝተገለጹን ኻልኦት ምኽንያታትን አዋጅ ትካላት ምግባረ-ሰናይን ማሕበራትን  ትህቲ ኻብ ህገመንግስታዊን አለምለኸ ደረጃታት ከምዝኾነ ተፈልዩ። ን  ቤት ምኽሪ አማኻሪ ጉዳያት ሕግን ፍትሕን አብ አዋጅ ትካላት ምግባረ-ሰናይን ማሕበራትን  ዝርከቡ ገደባት ብምውጋድ ንመሰል ምውዳብ ብዘሳልጥ ሀዱሽ ህጊ ኽትካእ ከምዘለዎ ምኽሪ አቕሪቡ። ብመሰረት እቲ ምኽሪ ብመሰረት አለምለኸ ደረጃን ምሩጻት ልምድታትን ከመበገሲ  ብምውሳድ ሀዱሽ ህጊ ትሲማ ረቒቕ ተዳሊዉ። ናይቲ መጽናእቲ ውጽኢትን ዝተዳለወ ረቂቕን ብሃባር ን ትሲማ ዘመሃድሩ ዘርፍታት፣ ኤጀንሲ ትካላት ምግባረ-ሰናይን ማሕበራትን  ፣ ናይ ፖለቲካ ውድባትን መራኸብቲ ሃፋሽን ሃዊሱ ምስዝተፈላለዩ ባአል ድርሻ አካላት ገፊህ መድረኽ ምይይጥ ተግሩሉ እዩ። ምስ ናይ ኢትዮጵያ ምግባረ ሰናይን ማህበራትን ፎረም ብምትህብባር አብ 9 ኽልላትን አብ አዲስ አበባን ድሬዳዋን መድረኽ ዘተ ዝተገበረ እኽኸውን ዓርሱ ዝኸአለ ምይይጥ ድማ ምስ ናይ ወጻኢ ምግባረ ሰናያትን አብ ኣካል ጉዱኣት ዝሰርሁ ምግባረ ሰናያትን ማህበራትን ተገይሩ እዩ። ብመሰረት እቶም ምይይጣት ድማ እትረቂቕ ኽማሃየሽ ተገይሩ እዩ። ነዚ ስኢቡውን  እቲ ረቂቕ ምስ ዝተወሰኑ ለውጥታት ብ ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት ተቐባልነት ረኺቡ ብ ፓርላማ ጸዲቑ።

## 1.2 ብ ትሲማ ኣዋጅ ቁ. 1113/2012 ዝተኣታተዉ ቐንዲ ለውጥታት

ቅድም ኢሉ ከምዝተገለጸ እቲ ናይ ትሲማ ኣዋጅ ( ድህረ ህጂ ኣትሲማ እናተብሃለ ዝግለጽ) ኣብ ኢትዮጵያ ብመዳይ ምርግጋጽ ህገመንግስታዊ መሰል ምውዳብ ኣብ ኣዋጅ ምግባረ ሰናይን ማህበራትን ኣብዝነበሩ ህጽረታት ኣሚኻ ፍተሻ ብምግባር ዝተረኸበ ውጽኢት እዩ። ብመሰረት ኣለም ለኸ ደረጃን ምሩጻት ልምድታትን ከማኡውን ብመሰረት ውጽኢት ናይ ፍተሻ ጽንኣት እቲ ሃዱሽ ህጊ ኣብ ኢትዮጵያ ን ትካላት ሲቪል ማህበራት ጥጡህ ኹነታት ኽፍጠር ይደልይ። እቲ ህጊ ንዝኾነ ህጋዊ እላማ ናይምውዳብ መሰል ዜጋታት ኣፍልጦ ይህብ፣ ኣብ ሞንጎ ትሲማ ብመሰረት ምንጪ ኣታዊኦም ዝግበር ኣፋላልያ ያወግድ፣ ኻብ ዝኾነ ህጋዊ ምንጪ ኣታዊ ናይምትእልላሽን ነይምርኻብን ንስራሆም ዝኸውን ኣታዊ ንምርኻብ ስራህ ንግዲ ናይምስራህ መሰል ትሲማ የረጋግጽ፣ ምስ ፕሮግራም ዝተታሃሃዙ ወጻኢታት ትርጉም ናይ ኣመሃድራዊ ወጻኢ ብምኽላስ ኣብ ብቐጥታ ምስ ኣመሀድራዊ ወጻኢ ጥራህ ኽውሰን፣ ን ትሲማ ኣብ ኤጀንሲ ትሲማ ግፍህ ዝበለ ውኽልና ይህብ፣ ቐሊልን ቅልጡፍን ናይ ምዝገባ ኣኻይዳ ይህብ፣ ናይ ኹሎም ትሲማ ኣብ ውሳኔ እቲ ኤጀንሲ ( በቲ ናይ ኤጀንሲ ቦርድ ዝውሰን ናይ ምዝገባ ምንጻግ፣ ምእጋድ ምዝገባን ናይ ምፍራስ ውሳኔ ሃዊሱ) ናብ ቤት ፍርዲ ጥርኣን ናይምቕራብ መሰል የረጋግጽ፣ ን ትሲማ ናይምህጋዝ ቐንዲ ሃላፊነት እቲ ኤጀንሲ ትሲማ ትኹረት ብምግባር ኣቕሚ ትሲማ ምእባይ፣ ን ትሲማ ዝፈጸምዎ ጥፈኣት ኽእርሙ ድኅሪ እድል መሃብን ፍትሃዊ ምድማጽን ቅጽኣት ኸም ናይ መጨረሻ ኣማራጺ ምውሳድ። ብምኳኑውን ውሳነታት ናይቲ ኤጀንሲ ትህቲ ናይቲ ቦርዲ ኣመሃድራዊ ግምገማን ናይ ቤት ፍርዲ ህጋዊ ግምገማን እዩ። ኣብ መድረኽ ሕብረት ኣብ ምፍጣር ዘለዉ ገደባት ኣወጊዱ ሕብረት ኣብ ልእሊ ሕብረት ኽፍጠር ይገብር፣ ኣብ ምኽባር ህጊ ቐዳማይ ተዋሳእቲ ባእሎም ትሲማ እዮም ብዝብል እምነት እቲ ህጊ ብተወሳኺ ናይ ኣርሰ ምምህዳር ሃሳብ ኣፋሊጡን ናይ ትሲማ ደንቢ ስነምግባር ዘውጽእ ህጋዊ ናይ ትሲማ ካውንስል ኣጣይሹ ንተግባራዊነቱ ድማ ህጋዊ መሰረት ይህብ።

ቐጺሉ ዘሎ ሳንዱቕ ብ ህጊ ትሲማ ዝትተፋለጡ ለውጥታት መጠቓለሊ የርእይ



| ኽፍሊ | ኣዋጅ ትካላት ምግባረ-ሰናይን ማሕበራትን /ነባር ሂጊ | ኣትሲማ |
|---|---|---|
| መእተዊ | • ናይ ዜጋታት መሰል ምውዳብ የረጋግጽ<br>• ምግባረ ሰናያትን ማህበራትን ኣብ እብየት ዘለዎም እጃም የቖላጥፍ | ኣፍልጦ ይህብ<br>• ናይ መሰል ምውዳብ ኣብ ምህላው ካልኦት መሰላት<br>• ንመንግስቲ ግልጺ፣ተሃታታይ ነጻ ኣሳታፊን ኣብ ምግባር ትሲማ ዘለዎም እጃም<br>• ትሲማ ንእብየትን ዴሚኽራሲን ድጋፍ ንኽህቡ ዘኽእል ኹነታት ናይምፍጣር ኣድላይነት<br>• ኣብቲ ዘርፊ ነጻነትን ተሃታታይነትን ምምዝዛን<br>• ናይ ተወፋይነትን ሰናይ ምግባርን ማህበረሰብ<br>• ናይ ትሲማ ህጽረታት ምውጋድ |
| ናይ ተፈጻምነት ወሰን | እቲ ህጊ ተፈጻሚ ዝኾነሉ<br>• ኣብ ልኡሊ ሃደ ኽልል ወይድማ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ወይድማ ድሬዳዋ ዝሰርሁ ትሰማ<br>• ናይ ወጻኢ ምግባረ ሰናያት<br>• ናይ ወጻኢ ፈንድ እንተረኺቦም ኣብ ሀደ ኽልል ጥራህ ዝሰርሁ | እቲ ህጊ<br>• ኣብ ኣዲስ ኣበባ፣ ድሬዳዋ ወይድማ ልእሊ ሀደ ኽልል ዝሰርሁ ኣብ ናይ ውሽጢ ኣዲን ናይ ወጻኢን ትሲማ ይትግበር<br><br>• ኣታዊኦም ኻብዝኾነ ይኹን ኣብ ሀደ ኽልል ጥራህ ኣብዝሰርሁ ትሲማ ተፈጻሚ ኣይኸውንን |
| ኣወቓቕራ ቦርድ ምግባረ ሰናያትንን ማህበራትን | ኻብቶም 7 ትሲማ ብ 2 ጥራህ ይውከሉ። ትሲማትሁት ውኽልና | ኣብቲ ቦርድ ትሲማፍትሃዊን ኣካታቲ ውኽልና 3 ኣባላት ኻብ መንግስቲ 3 ኻብ ትሲማ 2 ኻብ ኣካልጉዱኣት ፌደሬሽን 2 ኻብ ማናእሰይን ደቐንስትዮን ሕብረት ሃደ ነጻ በኣልሞያ |

| | | |
|---|---|---|
| ስልጣን እቲ ኣማሃዳሪ ኤጀንሲ/ ምማኤ | • ኣብ ቅጽኣትን ቁጽጽርን ትኩረት ይገብር<br>• በቶም መብዛህትኦም ጉዳያት ቤት ፍርዲ ኽረአዩ እድል ከይህበ ገፊህ ስልጣን ንቲ ኤጀንሲ ይህብ<br>• ተግባራዊ ኽግበሩ ዝኽብዱ ጣእሚ ገፊህን ጣልቃ ኣታዊነት እቲ ኣጀንሴ | • ስራህ ናይ ትሲማ የቐላጥፍን የተሃባብርን<br>• ን ትሲማ ናይውሽጣዊ ስርኣት ቑጽጽርን ኣማሃድራ ኽህልዎም ህገዝ ይገብር<br>• ኣርሰ ተበጋስነትን ሰናይምግባርን የበረታትእን ይድግፍ<br>• ን ትሲማናይድጋፍ ፈንድ የቋቁም<br>• ናይ ዝርዝር ኣፈጸምቲ ምፍራስ ያዳልው ተግባሮም ይቖጻጸር<br>• እብየት ተግባራት ትሲማ ምስ መንግስቲ እቅድ ብትዝኽአል መጠን በህበረ ንኽኸይድ ንምኽአል መምርሂ የመእብል<br>• ጽንኣት ምኽያድን ኣብ እጃም/ተሳትፎ ትሲማ ኣብ እብየት፣ ሰብኣዊ መሰል ሃለዋን ድሞኽራሲን ንመንግስቲ ምኽሪ ይህብ |
| ስልጣን እቲ ቦርድ | ብተፈጥሮኡ ሀፈሻዊ ዝነበረ ኽኸውን እቲ ቦርዲ ን ኤጀንሲ ተሃታታይ ኽገብር ዘኽእሎ ሀይሊ ኣይህብን | • ን መሰል ምውዳብ ሙሉእ ብሙሉእ ተግባረዊ ንምግባርን ህዝቢ ኻብቲ ሴኽተር ተጠቃሚ ንምግባር ኣቕጣጫ ያቖምጥ<br>• ኣብ ውሰኔ እቲ ኣጀንሲ ዝቐርቡ ቅሬታ/ጥርኣን ይርእይ<br>• ኣፈጻጽማ ዳይረኽተርን ምኽትላቱን እቲ ኣጀንሲ ይምዝን<br>• ን ቕሬታ ዝርእይ ኮሚቴ ናይ ስነስርኣት ደንቢ የውጽእ ኣፈጻጽማኡ ይከታተል።<br>• ትካላት ብዚ ኣዋጅ መሰረት ተግባሮም ኽፍጽሙ ንምኽአል መምርሂታት የውጽእ<br>• ብ ዳይሬክተር ዝቐርበሉ ኣመታዊ እቕድ ስራህ ይምርምር የጽድቕ |
| ኣይነታት ትሲማ | እቲ ኽፍፍል ኣብ ኣወቓቕራን ኣብ ምንጪ ኣታዊ መሰረት ዝገበር እዩ<br>• ናይ ኢትዮጵያ ማሕበራት<br>• ምግባረ-ሰናይ ነበርቲ<br>• ማሕበራት ነበርቲ<br>• ምግባረ-ሰናይ ወፃኢ<br>• ትካላት ምግባረ-ሰናይ<br>• ኮሚቴ ምግባረ-ሰናይ | እቲ ኽፍፍል ኣብ ኣወቓቕራን እምበር ኣብ ምንጪ ኣታዊ መሰረት ኣይገብርን<br>• ናይ ወጻኢ ትካላት<br>• ናይ ኢትዮጵያ ማሕበራት<br>• ብኣባላት ዝምርሁ ማህበራት<br>• ብ ቦርድ ዝምረሁ ትካላት<br>• ምግባረሰናይ ኢንዶመንት<br>• ናይ ምግባረ ሰናይ ኮሚቴ |
| ሕብረት | • ማህበራት ምስ ምግባረ ሰናያት ሕብረት ኽፈጥሩ ኣይኽእሉን<br>• ናይ ኢትዮጵያ ማሕበራት ምስ ምግባረ-ሰናይ ነበርቲ ን ምግባረ-ሰናይ ወፃኢ ሕብረት ኽፈጥሩ ኣይኽእሉን<br>• ፕሮጀኽትታት ብቐጥታ ኽፍጽሙ ኣይኽእሉን | • ኣብ ምፍጣር ሕብረት ገደብ የለን<br>• ተወሳኺ ሃላፊነት ን ሕብረት:<br>• ን ድምጺ ኣባላት ምጽናእን ንመሰሎም ቃልሲ ምግባር<br>• ናይ ኣባላት ኣቕሚ ምእባይን ኣብ እታወታት ምድርጃው ድጋፍ መሃብ<br>• ኣባላት ኣበዝዋፈሩል ስራህ መጽናእቲ ምኽያድን ን ተግባራት ደገፍ ምግባር<br>• ምስ ኣባላት ውድድር የለን<br>• ናይ ሕበረታት ሕብረት ይፍቐድ |

| | | |
|---|---|---|
| እላማ ትሲማ/ ዝዋፈሩሎም መደባት | እላመታት ትሲማ ኣብ ኣንቀጽ 14 ዝተገለጹ ጥራህ ይፍቀዱ<br>•ኣብ ሰብ ኣዊመሰል፣ ጾታዊ ማእርነት፣ መሰል ኣካል ጉዱኣት ፣ መሰል ህጻናት፣ ናይ ህጊ ድጋፍ፣ ምኽእኣል ምጉልባት ኽሰረሁ ዝፍቐደሎም ኢትዮጵያዊ ምግባረ ሰናያትን ማህበራትን ጥራህ እዮም | • ህጋዊ ኽሳብ ዝኾኑ ኣብ እላማታት ገደብ የለን<br>• ትካላት ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያን ኣብ ወጻኢን ወይድማ ኣብ ደረጃ ኽልልን ኣለም ደረጃን ንኽሰርሁ ኽጣየሹ ይኽእሉ<br>• ኻብ ህጋዊ ምንጭታት ኣታዊ ኣብምርኻብ ገደብ የለን |
| ምዝገባ ናይ ኢትዮጵያ ማሕበራት | ኣንቐጽ 68 ኣዋጅ 621/2009 | ዝነውህ ናይ ምዝገባ ግዜ ን ኢትዮጵያ ማሕበራት 30 መኣልቲ<br>• ዘድልዩ መመስረቲ ቓለ ጉባኤ፣ ናይ መስረቲ መታወቅያን ፎቶ፣ ሽምን ምልኽት ንግዲ (እንተልዩ) ፣ ህገደንቢ እቲ ትካል፣ እላማን ኽልል ስራህን፣ ብቲ ኤጀንሲ ዝውሃብ ፎርም ምሙላእ |
| ምዝገባ ምግባረ -ሰናይወፃኢ. | ኣንቐጽ 68 ኣዋጅ 621/2009 | • ዘነውሐ ግዜ 45 መኣልቲ<br>• ዘድልዩ ዝጸደቐ ናይ መመስረቲ ሰርተፍኬት፣ ህገደንቢ፣ ኣብ ኢትዮጵያ ጨንፈር ንምኽፋት ቓለጉባኤ፣ ናይ ውኽልና ስልጣን ን ሀገራዊ ወኪል፣ ኻብ ዝተጣየሸሉ ኣዲ ኤመባሲ/ሚ.ወ ኢትዮጵያ ናይ ድጋፍ ደብዳቤ፣ ናይ 2 ኣመት እቕድ |
| ፈቓድ | ምዝገባ ምስ ፈቓድ ተሃዋዊሱ ነይሩ | ኤትሲማ ምዝገባ ጥራህይገብር .<br>• ብኻልኦት ህግታት እንተዘይታህቲቱ ናይፈቓድ ግዴታ የለን |
| ምህዳስ | ብ ሰለስት ኣመት ናይ ምዝገባ ፈቓድ ምህዳስ | ምህዳስ ምዝገባ የለን ምዝገባ ቋሚ እዩ |
| ናይ ሂሳብ መዝገብን ሪፖርትን | ናይ 621/2009 ኣንቐጽ 79 | ኣታዊኦም ትሀቲ 200,000 ዝኾኑ ኻብ ኦዲቲት ሪፖርት ናይ ሂሳብ ሰነድ ከእተዉ ይፍቐደሎም<br><br>እቲ ትሲማ ሂሳቡ ብ 5 ኣዋርህ ኦዲት እንተዘይገይሩ ወይድማ 1/3 ናይቲ ትካል ኣባላት፣ ረዳኢታት ወይድማ ኣብ ፕሮጀኽት ዝተፈራረመ ናይመንግስቲ ኣካል እነተሃቲቱ እቲ ኤጀንሲ ናይ ደገ ኦዲተር ኽሰይም ይኽእል<br>• እቲ ኤጀንሲ ን ኣመታዊ ሪፖርት ሃዊሱ ህዝባዊ ማህደር ይህዝ<br>• ትሲማ ስራሆምን ኦዲት ርፖርትን ን ኣባላትን ን ተጠቓምቲን ተረካቢ ኽገብሩ ኣለዎም<br>• ዝኾነ ትሲማ ናይ ባንኪ ሂሳብ ንምኽፋት ፈቓድ እቲ ኤጀንሲ የድልዮን ባንኽታትውን ብ ኤጀንሲ ሲቪል ማሕበራት እንኽህተቱ ናይቲ ሂሳብ ዝርዝር መረዳእታ ኽህቡ ግዴታ ኣለዎም |

| | | |
|---|---|---|
| ቁጽጽር ትሲማ ን ኣመሃድራዊ ስጉምትታት | ናይ 621/2009 ኣንቀጽ 84 | • ኤጀንሲ ሲቪል ማሕበራት ኻብ ህዝቢ፣ ረዳእቲ ወይድማ ኻብ ኣካል መንግስቲ ሀበሬታ እንኽረኽብ ምርመራ ንክገብር ስልጣን ኣለዎ። ኸማኡውን እቲ ኤጀንሲ ስራሁ ኽሰርህ ብዝረኸቦ መረዳእታ ምርመራ ይገብር<br>• ምርመራ ጭቡጥ መረዳእታ እንኽህልው ጥራህ ፣ ቅልጡፍን ስራህ ትሲማ ዘየእንቅፍ ኽኸውን ኣለዎ |
| ምእጋድን ምፍራስን | ብቲ ኤጀንሲ ዳይሬክተር ትእዛዝ ምፍራስ | • ኣብ እዋን ከቢድ ጥፍኣት ዳይሬክተር ኤጀንሲ ሲቪል ማሕበራት  ን 3 ኣዋርህ ንዘይበልጽ ግዜ ን ትሲማ ኽእግድ ይኽእል<br>• እቲ እገዳ ንኽቅጽል ብቦርድ  ኽጸድቕ ኣለዎ፣ ናብ ቤት ፍርዲ ጥርኣን ኽቐርበሉ ይኽእሉ<br>• ኣማሃድራዊ  ስጉምቲ<br>- መጠንቀቕታ<br>- ከቢድ መጠንቀቕታ<br>- ምእጋድ<br>- ብቦርድ ውሰኔ ምፍራስ ፣ ናብ ቤት ፍርድ ጥርኣን ኽቐርብ ይኽእል<br>መሰል ፍትሃዊ መሰል ምድማጽ  ዝተረጋገጸ እዩ |
| መሰል ጥርኣን | ናብ ቤት ፍርዲ ጥርኣን ምቕራብ ን ኢትዮጵያ ምግባረ ሰናያትን ማሕበራት ጥራህ ዝተፈቐደ | ዝኾነ ትሲማ ኣብ ውሳኔ እቲ ኤጀንሲ ፣ ኣብ ውሳኔ እቲ ቦርድ ናብ ቤት ፍርዲ ጥርኣን ከቕርብ መሰል ኣለዎ |
| ኣታዊ ናይምፍጣርን ናይ ምጥቓምን | • ምስ ተግባር/እላማ እቲ ትሲማ ኣብዝተታሃዙ ዙርያታት ጥራህ ኣታዊ ኽፈጥሩን ን ኣማሃድራዊ ወጻኢ ኽሽፍን ኣይኽእልን<br><br>• ኣመሃድራዊ ወጻኢታት ኻብ 30/100 ኽበልጽ ኣይኽእልን ነገር ግን ሀመሃድራዊ ወጻእታት ብተግባር ከም ኽፍሊት ምምኻር፣ ኽፍሊት ኣሰልጠንቲ፣ ናይ ፕሮጀኽት ሰራህተኛ ደመወዝን ወ.ዘ.ተ ፕሮግራም ንዝኾኑ ኽሃውስ ተገይሩ  ትርጉም ተዋሂብዎ | • ትሲማ ን ሂሳብ ሰነድ ዝተፈለየ ገይሮም ኣብ ዝኾነ ህጋዊ ስራህ ተዋፊሮም ኣታዊ ኽፈጥሩ ይፍቐደሎም<br><br>• ትሲማ ን ህዝቢ  ወይድማ ን ሳልሳይ ወገን ጥቕሚ  ኻብ 20/100 ዝበለጸ ኣመሃድራዊ ወጻኢ ኸውጽኡ ኣይኽእሉን ፣ ይኹን እምበር ኣማሃድራዊ ወጻኢ ብ ጸቢቡ ተተርጊሙ ብግልጽ ን ፕሮጀኽት ወጻኢታት ኣያሃውስን |

| | | |
|---|---|---|
| አርሰ ምምህዳር | አዋጅ ቁጽሪ 621/2009 ዓርሰ ምምሕዳር አየካትትን | ኤጀንሲ ትካላት ሲቪል ማህበራት ትሲማ ናይ አርሰ ምምህዳርን ተሃታታይነት ሜላ አብ ተግባር ኽውእሉ ሀገዝ ኽገብር ይግደድ ናይ ትሲማ ካውንስል ምስ ናይ ደንቢ ስነምግባርን ኽፍጸሙ ናይምግባር ሜላታት ስልጣን ኽጣየሽ ፣ ንቲ ሴኽተር አብቲ በርድ ኽውኽልን ንቲ ኤጀንሲ አብ ምዝገባን ምምህዳራዊ ጉዳያት ምኽሪ ኽህብ |
| ሃገዝ ፋይናንስ ን ትሲማ | አብ ሰብአዊ መሰል፣ ዲሞኽራሲ፣ ጾታዊ ማእርነት፣ መሰል ህጻናት፣ መሰል አካል ጉዱአት፣ ምኽእአልን ን ስርአት ፍትሂ ድጋፍ ምሃብ ን ናይ ድጋፍ ሂጊ ሃዊሱ ዝሰርሁ እነተኾይኖም ኻብ 10/100 በጀቶም ንላእሊ ኻብ ወጻኢ ምንጪታት ኽረኽቡ አይኽእሉን | • እቲ ምንጪ ህጋዊ ኽሳብዝኾነ ኻብ ዝኮነ ህጋዊ ምንጪ ፈንድ አብምርኻብ ገደብ የለን<br>• ናይ ወጻኢ ትካላት ን ኢትዮጵያ ትሲማ ናይ ቴኽኒኽን ፋይናንስን ሀገዝ ኽገብሩ ይበረታትኡ<br>• ን አርሰተበግሶ ንምብርትታእ፣ ን አብ ተጋለጽቲ ኽፋላት ዝሰርሁ ትሲማ ንምህጋዝ  ናይ ትሲማ ፈንድ ብህጊ አጣይሹ |

# ምእራፍ 2

## ወሰን ተፈጻሚነት

# ምእራፍ 2

# ወሰን ተፈጻሚነት

**ይዘክሩ፦**
እዚ ሓዱሽ አዋጅ ካብዞም ዝስዕቡ ትካላት ይፍጸም።

- ናይ ወጻኢ ሲቪል ማሕበረሰብ ትካላት
- ካብ ሓደ ክልል ንላዕሊ ተንቀሳቐሶም ዝሰርሑ ናይ ዓዲ ውሽጢ ትካላት
- አብ ከተማታት ድሬዳዋን አዲስ አበባ ዝንቀሳቐሱ ናይ ሲቪል ማሕበረሰብ ድርጅታት

ንሶም ዝሰርሑሉ ናይ ሲቪል ማሕበረሰብ ትካል፣ አብ ከታማታት ድሬዳዋን አዲስ አበባ ቢሮ ዘለዎ እንተኾይኑ ወይን ካዓ ካብ ሓደ ክልል ንላዕሊ ዝንቐሳቀስ እንተኾይኑ ናብ ሲቪል ማህበረሰብ ታካላት ኤጀንሲ ሪፖርት ክግበርን ምዝገባ ከካይድ ይግባእ።

ትካሎም አብ ሓደ ክልል ጥራሕ ዝንቀሳቐስ እንተኾይኑ፣ ናይ ምምዝጋብ ስልጣን አብዘለዎ ናይ ክልል መንግስቲ አካል ምዝገባ ክካይድ አለዎ። አብ መብዛሕትኦም ክልላት እዚ ስልጣን ናይ ክልል ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ወይ ካዓ ናይ ክልል ዓቃቢ ሕጊ እዩ።

አብ ክልላት ሕገ መንግስትታት ብዝተጠቐሰ መሰረት ብክልል ፓርላማታት ዝወጹ ሕግታት ምስ ፌደራል ሕግታት ክጻረሩ የብሎምን። ስለዝኾነ እውን ክልላት ምስዚ ሓዱሽ አዋጅ ዝጣዓዓም ሕጊ አውጺኦም ንሕገ መንግስታዊ ናይ ምውዳብ መሰል ሙሉዕ አፍልጦ ክህቡ ትጽቢት ይግበር።

እዚ ኣዋጅ ኣብ ሀይማኖት ትካላት ተፈጻሚ ኣይኸውንን። ምኽንያቱው እዚ ኣዋጅ ናይ ሀይማኖት ትካላት ንሀይማኖት ስርዓት ኣብዝገብርዎ ምንቅስቓስ ተፈጻሚ ስለዘይኸውን እዩ። ናይ ሀይማኖት ትካላት ኣብ ሰናይ ምግባር ምንቅስቓስ ክሳተፉ ዝደልዩ እንተኾይኖም ካዓ ንባዓሉ ዝኻዓለ ናይ ሲቪል ትካል ከጣይሹ ይግባእ። እዚ ትካል እውን ኣብኤጀንሲ ተመዝጊቡ ብዚ ኣዋጅ ናይ ሕጊ ማዕቀፍ ክካተት ይግባእ።

ናይ ሀይማኖት ትካላት ግና ምዝገቦኦምን ኣሰራርሖምን ዝሽፍን ፍሉይ ሕጊ ክሳብ ዝወጽእ ኣብዚ እዋን ምዝገብኦም ኣብ ትሕቲ ሰላም ሚኒስቴር እዩ።

**ይዘክሩ፡-**
እዚ ኣዋጅ ኣብዞም ዝስዕቡ ትካላት ተፈፃሚነት ኣይህልዎን።

- ናይ ሃይማኖት ትካላት
- ዕቁባትን እድራትን ዝአመሰሉ ናይ ናይ ባህላዊን ሃይማነት ትካላት
- ናይ ንግዲ ቻምበራት፣ ናይ ንግዲ ሕብረታት ፣ ናይ ዘርፍ ማሕበራት፣ ናይ ፖለቲካ ፓርቲታት ከምኡውን ኣብ ካልኦት ናይ ሕጊ ማዕቀፋት ዝተሸፈኑ ማሕበራት

# ምእራፍ 3
# ናይ ትካላት ሲቪል ማህበራት ኤጀንሲ

# ምእራፍ 3

# ናይ ትካላት ሲቪል ማህበራት ኤጀንሲ

## 3.1 እላማ እቲ ኤጀንሲ

እቲ አዋጅ ምትግባር ህገመንግስታዊ መሰል ምውዳብ ከም ቐንዲ እላማ ገይሩ ቐጻልነትን ዝለአለ ተጠቃሚነት ህዝቢን እንዳረጋገጸ ኤጀንሲ ትካላት ምግባረ ሰናይ (ኤትሲማ) አጣይሹ አሎ። ብምኳኑውን ህገዝን ምምህዳርን እላማታት ኤትሲማ እዮም። ቐንዲ ናይድጋፍ እላማታት ፡- አብ ኢትዮጵያ ን ምዝገባን ስራህን ትሲማ ጥጡእ ኹነታት ምፍጣር፣ አቕሚ ትሲማ ምእባይ፣ አርሰተበጋስነት ምህብሃብን አብ ሞንጎ አካላት መንግስቲን ትሲማን ጽቡቕ ናይ ስራህ ርኽብ ምስላጥ እዮም። አማሃድራዊ እላማታት እቲ ኤጀንሲ ፡- ብቐንዲ ትሲማ ግልጽነት፣ ተሃታታይነትን አሳታፊን ዝኾነ ውሽጣዊ አመሃድራዊ ስርኣት ከምዘለዎም ምርግጋጽ ፣ አብ መሃበረሰብ ትሲማ ኣርሰ ምምህዳር ምድጋፍ ን ልኡል ተጠቃሚነት ህዝቢ ንምርግጋጽ ስራህ ትሲማ ምኽትታል እዮም። አብ ድጋፍን ምምህዳርን ዝተገበረ ትኹረት ኻብቲ አብ ቑጽጽርን ቕጽአትን ትኹረት ዝገበረ ነባር ህጊ አብዩ አፈላላይ እዩ።

ብምኳኑውን ብመሰረተ ሃሳብ እቲኤጀንሲ ንምዝገባ ትሲማ ቐሊልን ቕልጡፍን ብምግባር፣ ን ትሲማዝድለይ ብቅአት ውሽጣዊን ማህበረሰባዊን አረሰ ምምህዳር ኽህልዎም ሃገዝ ብምጋበር ምስ ፌደራልን ኽልላዊ አካላት ምንግስቲ ስሙር ርኽብ ስራህ ኽህልዎም ብምግባር ትግበራ መሰል ምውዳብ አብ ምቕልጣፍ እላማ ይገብር። አማህድራዊ እላማ እቲ ኤጀንሲ ቑጽጽር ፡- አብ ተግባራት ትሲማ ን ተግባሮምን ሪፖርት ፋይናንሶምን ብምምርማር ፣ ፍተሽ ብምኽያድን አብ እዋን ጥህሰት ድማ ግቡእ አማሃድራዊ ስጉምቲ ብምውሳድን ን ተግባራዊነት በቲ ትሲማ ካውንስል ዝወጽእ ስነምግባር ደነቢ ሀገዝ ብምግባር የእውት። አብ ዞም ኹሎም ተግባራት ኤትሲማ ትሲማ ንኣርሶም ኽኽካላኽሉ ን ናይ አብ ውሳኔታት ጥርአን ምቕራብ ሃዊሱ ፍትሃዊ እድል ከምዝህልዎም ከረጋግጽ ትጽቢት ይግበረሉ።

## 3.2 ስልጣንን ሃላፊነትን እቲ ኤጀንሲ

ስልጣንንን ግዴታትን እቲ ኤጀንሲ አብቲ አዋጅ ኣንቐጽ 6 ተዘርዚሮም ን ሃላፊነት ምዝገባ ትሲማ፣ ቑጽጽርን ኽትትልን፣ ጽንኣትን መረዳእታ ን ድጋፍን ካልኦት አማሃድራዊ ተግባራት ይሃውስ። ኻብዚኣቶም ምዝገባን ቑጽጽርን አብ 3.1 ተገሊጹ እዩ።

ጽንኣትን መረዳእታን ሃላፊነት እቲ ኤጀንሲ ን በቲ ኤጀንሲን ብ መንግስቲ ኽልላት ዝተመዝገቡ ሀዊሱ አብ ሀገር ዘለዉ ጽሪ ትሲማ ፣ ዝሰርኽሉ አይነት ስራህ፣ አይነት ተጠቐምቲን ዝመሳሰሉን ዝሀዘ ዝተሟልአ ዳታቤስ ኽፈጥርን ነቲ መረዳእታ አብ offline ን online ን ህዝቢ ተረካቢ ኽኾን ከቓልህ ዝሃትት እዩ። እዚ ዳታቤዝ ን መጽናእቲ ዘካይዱ፣ ምሁራት፣ ሚድያ ን ፓሊሲ think-tanks ተረካቢ ኽኸውን አለዎ። ብተወሳኺ እቲ ኤጀንሲ አስተዋጽኦ ትሲማ አብ እብየትን ዴሚኽራሲን፣ ቕቡል ኩነታት፣ አብ ስራሆም ዘለዉ ተግዳሮታትን እድላትን ብዝምልከት ጽንአትን ኽገብርን ን መንግስቲ አብ ቀጻሊ ን ትሲማ ንዝገብሮ ሀገዝ ምኽሪ ይህብ ።

ናይ ኤትሲማአብ አብምትህብባር ዘለዎ ድርሻ ፦ ናይ እብየት ተግባራት ትሲማ ምስ ናይ ምንግስቲ እቅድ እብየት ምስናዮም ንምርግጋጽ አብ ምእባይ መምርህታት ይኸውን።

ይኹን እምበር እዚ ብቐሊሉ አብ ተግባራት ትሲማ ንመንግስቲ አብ እብየት ምድግጋፍ ከምዘሎ ንምርግጋጽ እምበር ብዝኾን መንገዲ እቲ ኤጀንሲ ን እብየት ጉዳያት ብዝምልከት ሃደ ትሲማ ዝሰርሆ ስራህ ን ምውሳን አይኽእልን። እቶም መምርህታት ሀፈሻዊን ብጠፈጥሮኦም መኣዲ ኽኾኑን ን እላማኦምን ሃላፊነቶምን፣ ቕድሚያ ዝህብዎ ተግባር ናይምውሳን ነጻነት ትሲማ ኽግድብ አይኽእልን።.

ኻልእ ትኹረት ምትህብባር አብ ውሽጢ ትሲማን ን ሴክተር መራህቲ ሀዊሱ አብ ናይ ፌደራልን ኽልላዊ አካላት መንግስቲ ምትህግጋዝ ምቕልጣፍ እዩ። እዚ ብቐንዲ ብ አድላዪ ዝኾነ አማሃድራዊ ደገፍ ብምግባርን ብ ሃበራ ዝስራህ እዩ። ናይ ትግበራ ጸገማት ኻብ ምፍታህ ሃሊፉ ዞም መድረኻት ን ሀበራዊ እቅዳትን ናይ እብየት ስራህትን ከማኡውን ናይ እውቀት መኽፋል ፣ ናይ ተግባራት ግብረመልሰ፣ ምሩጻት ልምድታትን ፓሊሲን ብ ኽልቲኦም ወገናት ተግባራዊ ትምህርቲ ዝርከበሎም ባይታ ኽኾኑ ዝተአለሙ እዮም። ብምኳኑውን ትሲማ ንዞም መድረኻት ንጥቕሚ ን መሰልን ዝሰርሁሎም ወይድማ ዝውኽልዎም ኽፋል መሃበረሰብ ሃዊሱ ጥቕሚ ህዝቢ ልእል ብዘብል መንገዲ አብ መንግሰቲ ፓሊሲን ስራህን ተጽእኖ ንምፍጣር ኽጥቐሙሎም ይግባእ።

ኤትሲማናይ ዝርዝር አጻረይቲ ንብረት ናይምድላውን አብ እዋን ምፍራስ እቶም ትካላት ንአፈጻጽማኦም ናይ ምቁጽጻር ሃላፊነት አለዎ። ኸማኡውን ን ፈንድ ሲቪል መሃበራት ናምምህዳር ሃላፊነት አለዎ። እዞም ሃላፊነታት ኻብቲ ቕድመህጂ ግልጺ ልዩነት የርእዩ። አብቲ ነባር ህጊ ግብረሰናይ ትካላትን ማህበራት ን ትሲማ ናይምፍራስ ስልጣን፣ ንብረት ናይ ምጽራይ፣ ብዘይ ግልጺ መምርሂ ወይድማ ትካላዊ ብቕኣት ን ንብረቶም ናይምምህዳር ስልጣን ነይርዎ። እዚ ን ምእካይን ዘይግባእ አጠቓቕማ አስኢቡ እዩ። እቲ ሃዱሽ ህጊ ተሲማ ሃላፊነት ምፍራስ ን ቤት ፍርዲ ፣ አብ ዝተወሰኑ ጉዳያት ድማ ንቦረድ እቲ ኤጀንሲ ይህብ።

እቲ ህጊ ንምፍራስ ስኢቡ ንብረት ትሲማ ኸም ንግዲ ትካላት አብ ሀለዋ ኽኢላታት ምጽራይ ንብረት ኽኸውን ከመዘለዎ የቐምጥ። ሃላፊነት እቲ ኤጀንሲ አብ ምድላው ዝርዝር ንብረት ዘጻርዩ ን ንአኣቶም አብ ምቁጽጻርን ዝተወሰነ እዩ።

እቲ ካልእ ቕቡል እብየት ፤ ብ እቲ ኤጀንሲ ዝማሃደር ምጥያሽ ናይ ሲቪል ማህበራት ፈንድ እዩ። ኣብ ኣንቐጽ86 ከምዝተገለጸ ቐንዲ ምንጪ እቲ ፈንዲ ንብረት ዝፈረሱ ትሲማ ኸማኡውን ኻብ ምንግስቲ ኻብዝርከብ ሀገዝ እዩ። እቲ ኤጀንሲ እዚ ፈንዲ ን ብውሱን አታዊታት ልኡል ዋጋ ዘለዎ ናይ ማህበረሰብ ስራህቲ ንዝሰርሁ ትሲማ ይምድብ ዝብል ተስፋ አሎ። ዝርዝር ደንቢ አፈጻጽማ ምምህዳር እቲ ፈንዲ ብቲኤጀንሲ ኽወጽእ እዩ።

ኻብ ልእል ኢሎም ዝተገለጹ ሃላፊነታት እቲ ኤጀንሲ ብተወሳኺ እቲ ኤጀንሲ ን ህጋዊ ዘይኾነ ገንዘብ ህጋዊ አምሲልካ ናይምቕራብን ን አሸበርቲ ብገንዘብ ምርዳእ ንምኽልኻል፣ ባህሊ አርሰተበግሶ ንምብርትታእን መመስረቲ ሰነዳት ትሲማ ንመምዝጋብ ምስ ኤጀንሲታት መንግስቲ ብቕርበት ኽሰርህ ሃላፊነት አለዎ። እቲ ኤጀንሲ ብቐንዲ አብ አዲስ አበባ ዝሰርህ እንተኾነውን ን ትሲማተረካባይ ንምግባር አብ ኽልላት ጨንፈራት ኽኸፍት ወይድማ ን አካላት ኽልል ኻብዞም ዝህቦም አገልግሎታት ዝተወሰኑ ብውኽልና ከመሃላልፍ ትጽቢት ይግበረሉ።

## 3.3 አወቓቕራ እቲኤጀንሲ

እቲኤጀንሲ ብ ትሲማን ወኪል መንግስቲን ዝተጣየሸ ቦርድ አለዎ ኸማኡውን ብ ዳይሬክተር ጀነራል ን ብምኽትላቱን ዝምራህ አማሃዳሪ አለዎ። ዳይሬክተር

### 3.3.1 እቲ ቦርድ

እቲ ቦርድ ብ ሰለስተ ወኪላት አካላት ምንግስቲ፣ ብ ሾአተ ወኪላት ትሲማብሃደ በአልሞያ/አኽስፐርት ዝተዋቐረ እዩ። እቲ በአልሞያ/አኽስፐርትን እቶም ሰለስተ ወኪላት መንግስቲ ብ ጠቅላይ አቃቤ ህግ ዝቕመጡ እዮም። ኻብቶም ሾአተ ወኪላት ሲቪል ማህበራ እቶም ሰለስተ ብ ትሲማ ካውንስል ዝምረጹ ኾይኖም ሃገራዊ ፌደሬሽን አካል ጉዱአት፣ ማህበር ደቀንስትዮን መናእሰይን ህድህድ ከኽልተ ወኪላት ዝተጣየሸ እዩ። ሊቀመንበር እቲ ቦርድ ብ ጠቅላይ አቃቤ ህግ ይሸየም። አገልግሎት ዘመን እቲ ቦርድ ብዳግማይ ተመራጽነት ከምዘሎ ኮይኑ ሰለስተ አመት እዩ። እዚ እንተኾነውን ን ምርግጋጽ ቀጻልነት ታረኽ እቲ ትካል ኽልተ ኻብቶም ወኪላት መንግስትን ትሰማን ናይ አገለግሎት ዘመን አርባእተ አመት እዩ። እንተኾነውን እዞም ወኪላት ዳግማይ ኽምረጹ አይኽእሉን ( ኣንቐጽ 10(3) እቲ አዋጅ)

እቲ ቦርድ ንቲ ኤጀንሲ ምስ እላማታት ዝሳነይ ናይ ፖሊሲ አቅጣጫ ከቐምጥ፣ እቅድን ሪፖርትን እቲ ኤጀንሲ ኽፍትሽን ከጽድቕን፣ እቲ ህጊ በቲ ኤጀንሲ ተግባራዊ ከምዝኾነ ምቑጽጻርን ምኽትታልን ፣ ን ምንጻግ ምዝገባ ወይድማ ምእጋድ ሃዊሱ አብ ውሰኔ ናይቲ ኤጀንሲ ደይሬኽተር ዝቐረብ ጥርአን ናይምስማእ፣ አብ እዋን ከቢድ ጥህሰት ህጊ ወይድማ አብ ንዝተፈጸመ ከቢድ ጥህሰት ህጊ ዘይምስትኽኻ ን ትሲማናይምፍራስን ን ተግባራዊነት እቲ አዋጅ መምርህታት ናይምውጻእ ስልጣን አለዎ።

## 3.3.2 ዳይሬክተርን ምኽትል ዳይረክተር

እቲ ዳይሬክተር ጀነራል ተጸዋእነቱ ን ጠቅላይ አቃቤ ህግ እዩ ፣ ስራህ እቲ ኤጀንሲ በመሰረት ናይ ቦርድ ሀፈሻዊ መምረሂ ኽመርህ ጥጽቢት ይግበር። ብፍላይ እቲ ዳይሬክተር ጀነራል እቲ ኤጀንሲ ምስ ሳልሳይ ወገን አብዘለዎ ርኽባት ይውኽል፣ አመታዊ እቅድ ስራህ የዳልው፣ በጀት፣ ናይ ፋይናንስን ስራህን እቲ ኤጀንሲ፣ ስራህተኛ ምቁጻርን ምምህዳርን አብ ደረጃ ኤጀንሲ ን ምዝገባን ስራህን ትሲማዝተታሃዙ ጉዳያት ናይ መጨረሻ ውሳኔ ይህብ።ብምኳኑውን አብ ውሽጢ እቲ ኤጀንሲ ብ ምዝገባ ወይድማ ቁጽጽርን ኦፊሰር ዝተውሃበ ውሰኔ ናብ ዝምልከቶ መራሂ ጉጅለ ምዝገባ/ቑጽጽርዳይሬኽቶሬት ፣ ብዘይተርፍ ድማ ናብ ዳይሬክተር ጀነራል ቅሬታ ኽቐርብ ይኽእል።

ምኽትል ዳይሬክተር/ራት አብ ምእቃድ፣ ምትህብባርን ምምራህን ስራህ እቲ ኤጀንሲ ን ዳይሬክተር ሀገዝ ይገብርን አብ እቲ ዳይሬክተር ዘይህልወሉ እዋን ተኪኡ ይሰርህ።

# ምእራፍ 4
# ኣብ ምጥያሽ ትሲማን ናይ ምዝገባ ኣካይዳ ኣመላኻቲ መርሃት

# ምእራፍ 4

# ኣብ ምጥያሽ ትሲማ ን ናይ ምዝገባ ኣካይዳ ኣመላኻቲ መርሃት

## 4.1 ትሲማ ንምጥያሽ ኣመላኸቲ መርሃት

ናይ ሲቪል ማህበረሰብ ትካላት ብ ኣርሰ ተበጋስነት ግለሰባት መስረቲ ኣድላዪ ኣብዘበልዎን ንትርፊ ንዘይኮነ ተግባር ዝጣየሽ እዩ። መሰረታዊ መርሆታት ን ምስረታ ትሲማ ኣርሰ ተበጋስነትን ንትርፊ ንዘይኮነ ተፈጥሮ ትሲማ ኣስሚሩ ኣብ ኣብቲ ኣዋጅ ኣንቀጽ 16 ተቐሚጡ እዩ።

በዚ መዳይ ናይቲ ኣዋጅ ኣንቀጽ 16/2/ ኣባልነት ኣብ ዝኾነ ማህበር ብድልየት ኽኸውን ማለት ናብቲ ትሲማ ናይ ምእታውን ናይ ምውጻእን ጉዳይ ናይ ዝኾነ ውልቀሰብ ምርጫ ከምዝኾነ ይገልጽ። ብዚ መሰረት ኣባል ንኣባልነቱ ኽቅጽል ኣንጻር ድልየቱ ኽግደድ ኣይኽእልን።

ኣብቲ ህጊ ዝተቐመጠ እቲ ኻልኣይ መርህ መድሎ ዘይምግባር እዩ። እቲ ትካል ናይ ህዱሽ ኣባላት መቐበሊ ቕድመ ኹነታት ናይምቕማጥ መሰል ከምዘለዎ ኮይኑ እዞም ቕድመ ኹነታት ምኽንያታዊን  ህጋዊን ንትእላማ ትትካል ግቡእ ኽኾኑን ኣለዎም። ብዚ መሰረት ትሲማ ብ እድመ፣ ጾታ፣ ኣካል ጉድኣት፣ ናይ ፖለቲካ ኣመለኻኽታ፣ ሃይማኖት፣ ማህበራዊ ፣ ኢኮኖምያዊ ወይድማ ኻሊእ ደረጃ መሰረት ዝገበረ ናይ ኣባልነት ቕድመ ኹነታት ከቐምጥ ኣይኽእልን። ይኹን እምበር እዚ ናይ በኣልሞያ ማህበራት ወይድማ ከም መናእሰይ፣ ደቀንስትዮ ወይድማ ኣረጋውያን ዝመሳሰሉ ማህበራት ፣ ዝተፈለየ ጉጅለ ዝተፈለየ ናይ  ኣባልነት ቕድመ ኹነታት ከቐምጡ ኣይኽእሉን ማለት ኣይኮነን። ንምሳሌ ናይ ደቀንስትዮ ማህበር ወዲተባእታይ ከም ተሳታፊ ኣባል ኽህልዎም ይኽእል ይኹን እመበር ወዲተባእታይ ሙሉእ ኣባል ኽኸውን ኣይኽእልን። እዚ  ኣብ ማህበር ኣካል ጉዱኣት፣ መናእሰይ ወይድማ ኣረጋውያን እውን ሀቂ እዩ። ከምዚኦም ዝመሳሰሉ ማህበራት ን ዝተፈለየ ኣካል እቲ ማህበረሰብ ንምህላው ወይድማ ናይ ኣባላቶም ጥቕሚ ንምህላው ስለዝጣየሹ ን ቕድመ ኹነታት ኣባልነት ምስ እላማኦም ዝተሳነየ ኽኽውን ኣለዎ።

ሰለስተ ትሲማ ብመሰረታዊነት ን ትርፊ ዘይኮኑ ትካላት እዮም። እዚ ትሲማ ኣብ እታወ ዝረኽቡሎም ናይ ንግዲ ስራህቲ ኽዋፈሩ ኣይኽእሉን ማለት ኣይኮነን። እቲ ህጊ ትሲማ ዝተረከበ ትርፊ ኣብ ሞንጎ ኣባላት ኽሳብዘይተኸፋፈልን ን ስራህን ኣማህድራን እቲ ትሲማ  ኽሳብ ዝተጠቐሙሉ ኣብ ዝኾነ ህጋዊ ኣታዊ ዝረኽቡሉ ተግባር ኽነጥፉ  ይፈቀደሎም። ኣብዚ ኩነታት እቲ ብቲ ትሲማ ዝካየድ ስራህ ንግዲ ዝተፈለየ ናይ ሂሳብ ሰነድ ኽህልዎን ብግቡኣት ህጊ ታኽስን ህጊ ንግዲን ዝግዛእ ይኸውን።

ራብአይ ውሽጣዊ ኣማሃድራ ትሲማ ኣብ ዴሞክራስያው መርሃት መሰረት ዝገበረ ኽኾን ኣለዎ። ኣባላት ኣብ መመስረቲ ሰነድን ህጊታት ትሲማ ብዝቐመጡ ናይ ኣኼባ ስነስርኣት ኣካይዳ ብምጥቃም ን ትትካል ዝምልከት ተጽእኖ ኣብዝፈጥር ኣብ ዝኾነ ጠቓሚ ጉዳይ ምይይጥ ናይ ምግባር ማእረ መሰል ይህልዎም። ነፍስወከፍ ኣባል ኣብ እዋን ውሳኔ ማእረ ድምጺ ይህልዎ። ኣብ መመስረቲ ሰነድ ወይድማ እቲ ቻርተር ንዚ ጽታረር ዝኾኖነ ኣንቐጽተፈጻሚነት የብሉን። ኣባላት ን ኣብውሽጢ እቲ ትሲማ ኣማራርሃ ስልጣን ኽመርጹን ኽምረጹን መሰል ኣለዎም (ን ቦርድ፣ ጠቅላላ ጉባኤ ወይድማ ካልኦት ኮሚቴታት ሃዊሱ)። ከማኡውን ኣባላት ን ኦዲት ሪፖርት፣ ቃለ ጉባኤታት፣ ናይ ስራህን ፋይናንስን ሪፖረትታትን እቅድ ስራህን ሃዊሱ ግቡኣት ሰነዳት እቲ ትሲማ ብምርኻብ ኣብ መረዳእታ ዝተመስረተ ውሳኔ ኽውስኑ መሰል ኣለዎም። ብኻልእ ኣዘራርባ ኣብ ውሽጢ እቲ ትሲማ ናይ ኣካይዳ ኣዋህባ ውሳኔ ግልጺ፣ ተሃታታይን ኣሳታፊን ኽኸውን ኣለዎ።

ናይ መመስረቲ ሰነድን ወሽጣዊ ህግታት/ደንቢታት (bylaw) ልእል ኢሉ ዝለገለጸ መርህ ከካትቱን ኽግዝኡን/ ኽፍጽሙን ትጽቢት ይግበረሎም ።

## 4.2 ኣካይዳ ምዝገባ

ኣብ ስር ኤትሲማ ብመሰረት ስራህቲ ሰለስተ ዝተፈለዩ ደረጃታት ኣካይዳ ምዝገባ ትሲማ ኣለዉ። እዞም ደረጃታት ናይ ምጅማር ደረጃ፣ ናይ ሰነድ ምቕራብ ደረጃን ናይ ምጽዳቕ/ምምዝጋብ ደረጃን እዮም። ኣብዚ ቦታ እዚ ናይምዝገባ ኣካይዳ ኣብ ብዘይ ምዝገባ ከም ትሲማ ኽንቓሳቐሱ ኣብ ዝኽእሉ ኣብ ልእሊ ኮሚቴ ምግባረ-ሰናይ ዝፍጸም ከምዘይኮነ ምግላጽ ወሳኒ ነጥቢ እዩ። ብተወሳኺ ኣብ ነፈስወከፍ ደረጃታት ምዝገባ ዝስርሁ ተግባራትን ስራህትን ኣብ መሰረት ኣይነት ትሲማ ( ናይ ኢትዮጵያ/ናይወጻኢ ወይድማ ማህበራት፣ ኢንዶመንት፣ ብቦርድ ዝምርሁ፣ ሕብረት ) ኽፋላለይ ይኽእል።

እቲ ሽም ከምዘርእዮ ኣብ መጀመርያ ደረጃ ውልቀሰብ፣ ትካል ወይድማ ናይ ሃባር ሃሳብ ዘለዎም ጉጅለ ውልቀሰባት ብ ህጊ ኢትዮጵያ ትሲማ ንምምስራት ይውስን ወይድማ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተመዝገበ ናይ ወጻኢ ትሲማ ይህልዎ። ን ናይ ኢትዮጵያ ትሲማ መስረቲ እላማ እቲ ትሲማ ከቐምጡን እቲ ትሲማ ዝኽተሎ/ ዘተኣታትዎ ኣይነት ትካላዊ ኣወቓቕራ ኽመርጹ ኣለዎም። ከማኡውን መስረቲን ኣብ ምምስራት እቲ ትሲማ ከም ን ኣባላል ኽኾኑ ንዝኽእሉ ምህባር ( ን ማህበራት)፣ ኣባል ቦርድ ኽኾኑ ንዝኽእሉ ምፍላይ/ ምትእልላሽ ( ብ ቦርድ ዝምርሁ ትሲማ) ወይድማ ብሃባር ኽሰርሁ ንዝኽእሉ ምትእልላሽ/ ምፍላይ ናይ ከም ደረጃታት ምድላው ኽወስዱ ኣለዎም። መስረቲ ናይ ምድላው ስራህቲ ምስፈጸሙ ናብ ምጽዋእ ምስረታ ኣኼባ ወይድማ ኣኼባ ቦርድ ይሰጋገሩ።

አብ እዋን ደረጃ ሰነድ ምቕራብ መስረቲ ኣባላት ብ ናይ ኤትሲማ መምርሂታት ንምዝገባ ኣድላዪ ዝብሃሉ ብርኽት ዝበሉ ሰነዳት ከዳልዉን ከቕርቡን ኣለዎም። እቲ ዝምዝገብ ትሲማ ዝኾነ ኣይነት ይኹን ኩሎም ኣብ ኢትዮጵያ ብ ምዝገባ ዝሃለፉ ትሲማ ናይ መስረቲ ጉባኤ ወይድማ ናይ መስረቲ ቦርድ ኣኬባ ኽህዙ ኣለዎም። ኣብ እዋን እዚ ምዝገባ መስረቲ ናይ ጉባኤ ወይድማ ቦርድ ረቒቕ መመስረቲ እቲ ቦርድ ከጽድቖ ከቕርቡ ኣለዎም። ብተወሳኺ መስረቲ ናይ ኣኼባ እቲ ጉበኤ ቃለ ጉባኤ ወይድማ ን ውሳኔ ሽም እቲ ትሲማ፣ ኣይነት ዝነጥፈሉ ስራህቲ፣ እቕድ ስራህ፣ ዋና ቢሮ ዝርከበሉ፣ ዝርዝር ኣባላት ቦርድ፣ ሹመት ዳይሬክተርን ምልኽት (ሎጎ) ዘጠቓለለ ኣኼባ ኽህዙ ኣለዎም። ኻብ ብ ትሲማ ዝጸደቐ መመስረቲ ኣኼባ ሰነድን ናይ መስረቲ ጉባኤ/ ቃለጉባኤ ብተወሳኺ እቲ ኤጀንሲ ናይ ምዝገባ ህቶ ኽቕበል ከሎ ኩሎም ኣባላት ቦርድን ዳይሬክተር እቲ ትሲማ ( ወይድማ ብኣግባቡ ዝተፈቐደሉ ወኪል) ብኣካል ኽቐርቡ ኣለዎም። ናይ ምዝገባ ህቶ ብተወሳኺ ናይ መታወቅያ መጠን ፎቶግራፍን ናይ ኹሎም ኣባላት ቦርድን ዳይክተርን መታወቅያ ኮፒ ከጠቓልል ኣለዎ። እቶም ብህፈሻ ዝድለዩ ሰነዳት ከምዘለዉ ኾይኖም ኣብ መሰረት ኣወቃቕራ እቲ ትሲማ እቲ ኤጀንሲ ተወሳኺ ሰነዳት ይሃትት። ኣብ ኢትዮጵያ ከም ትሲማ ኽምዝገቡ ዝሃቱ መስረቲ ናይ ሞያ ማህበራት ን ብቕኣት ትምህርቶምን ልምዶምን ዘረጋግጽ መረዳእታ ከቕርቡ ኣለዎም።ብተመሳሳሊ ናይ ሕብረት መስረቲ ትካላት ናይውልቆም ናይ ኤትሲማ ምዝገባ ምስኽር ወረቐቶም ምስ ህቶ ምዝገባ ከቕርቡ ኣለዎም።

ኣብመወዳእታ ኹሎም ዞም ሰነዳት ምስቐረቡ እቲ ኤጀንሲ ብቲ ትሲማ ዝቐረበ ህቶ ምስቲ ህጊ ከምዝሳነይ ንምርግጋጽ ዘድልይ ምጽራይ ይገብር። እዚ ምጽራይ ናብ ምጽዳቕ ወይድማ ናብ ብቲ ትሲማ ዝቐረበ ህቶ ምዝገባ ናብ ምንጻግ ከምርህ ይኽእል፣ እዚ ዝነውሐ ኻብ 30 መኣልቲ ን ኢትዮጵያ ትሲማ ፣ 45 መኣልቲ ን ወጻኢ ትሲማ ኽወስድ ይኽእል። ብ ኣንቐጽ 57(3) መሰረት እቲ ኤጀንሲ ልእል ኢሉ ኣብዝተገለጸ ግዜ ናይ ምዝገባ ሰርተፍኬት ኽህብ እንተዘይኽኢሉ ህቶ ኣቕራቢ ናብ እቲ ኤጀንሲ ቦርድ እቲ ናይ መጨረሻ መኣልቲ ኻብዝተወደአሉ ኽሳብ 30 መኣልቲ ቕሬታ ከቕርብ ይኽእል። እቲ ቦርድ ብ ውሽጢ 60 መኣልቲ ንቲ ቕሬታ ፈቲሹ ኣብቲ ጉዳይ ውሳኔ ኽህብ ኣለዎ። እቲ ህቶ ኣቕራቢ ኣብ ውሳኔ እቲ ቦርድ ቕሬታ እንተደኣ ሀሊውዎ እቲ ህቶ ኣቕራቢ ናብ ፌደራል ከፍተኛ ቤት ፍርዲ ኻብ ናይ ቦርድ ውሳኔ ዝተቐበለሉ ብ 30 መኣልቲ ጥርኣን ከቕርብ ይኽእል። ሃንሳብ እቲ ትካል ምስተመዝገበ ሙሉእ ህጋዊ ሰብነት ይህልዎ።

# ምእራፍ 5

# ዐይነታት ትካላት ሲቪል ማህበራት

# ምእራፍ 5

# ዐይነታት ትካላት ሲቪል ማህበራት

ከምትዝኸርዎ እቲ ነባር ህጊ ን ትሲማ ብ ምንጪ ኣታዊ (ናይ ኢትዮጵያ ምግባረሰይ ፣ ነበርቲ ምግባረሰናይ )፣ እላማ/ተጠቐምቲ (ን ኣባላት ወይድማ ን ሳልሳይ ወገን ብምስራሆም)፣ ኣወቓቕራ (ምግባረሰናይ ፣ ማህበራት፣ ኢንዶመንት፣ ምግባረሰናይ ትካል ንምግባረሰናይ ኮሚቴን) ን ዝተጣየሹሉ ዓዲ (ናይ ወጻኢ ምግባረ ሰናይ ኣንጻር ናይ ኢትዮጵያ ምግባረሰናይ/ ነበርቲ ምግባረ ሰናይ) ብዝብል ይምድቦም። ብምኽንያት እቲ ነባር ህጊ ኣብ መሰል ምውዳብ ዘይግቡእ ገደብ ስለዝገበረ እቲ ሀዱሽ ህጊ ንቶም ናይ መጀመርያ ምደባታት ኣወጊዱ እዩ። ብ መሰረት ኣታዊ ዝግበር ምደባ ብተግባር ን ኣብ ሰብኣዊ መሰል፣ ጾታ፣ ማእርነት፣ ኣካል ጉድኣት ፣ መሰል ህጻናት፣ ዴሞኽራሲን ግጭት ኣብምፍታህ ጉዳይት ኣብዝሰርሁ ትሲማ ዘይግቡእ ጽእንቶ ፋይናንስ ብምቕማጥ ህገመንግስታዊ መሰል ምውዳብ ይጻረር። እዚ ተፈጥሮኣዊ ዘይኾነ ኣብ ሞንጎ ምግባረ ሰናያትን ማህበራት ትሲማ ን ናይ ኣብ ምእባይ ናይ ኣባላቶም ኣስተዋጽኦ ፣ ን ማህበረሰብ ን ብተመሳሳሊ ግዜ ኣብ ምእባይ ኣቕሚ ኣባላት ን ኽብሮም ምርግጋጽን እላማ ገይሮም ከምዘሰረሁ መግለጺ ማኅበራጽ ሞያ ፣ ትሲማ በሀፈሻ ንጥቕሚ ኣባላቶም ን ንህዝቢ ወይድማ ንዝተወሰን ኽፋል ማህበረሰብ ኽሰርሁ ከምዝኽእሉ ዘሎ ሃቂ ዝሰሃተ እዩ ።

ብምኺኑውን እቲ ሀዱሽ ህጊ ትህት ኢሉ ከመዝተሃበረ ብ መሰረት ኣወቓቕራን ዝተመስረቱሉ ኣዲን ይከፋፍል/ ይምድብ።

## 5.1 ምግባረ-ሰናይወፃኢ ኣንጻር ናይ ኢትዮጵያ ማሕበራት

### 5.1.1 ምግባረ-ሰናይወፃኢ

ምግባረ-ሰናይወፃኢ ትሲማ እቶም ኣብ ወጻኢ ዝተጣየሹን ኣብ ኢትዮጵያ ብ ጨንበፈር ኣቢሎም ኣብቲ ኤጀንሲ ዝተመዝገቡ እዮም። እቲ ሃዱሽ ህጊ ን ናይ ኢትዮጵያ ትሲማ ወይድማ ኻልኦት ኣካላት ናይ ፋይናንስን ቴክኒክን ሃገዝ ንምግባር ብምድላይ ኣብ ኢትዮጵያ ጨንፈር ከጣይሹ ኣብዝደልዩ ትሲማ ብቲ ነባር ህጊ ዝነበሩ ገደባት ኣልኢልዎም እዩ። ብዚ መሰረት ምግባረ-ሰናይወፃኢ ትሲማ በቐጥታ ኣብ ፕሮጀኽት ትግበራ ኽነጥፉ ወይድማ ናይ ቴክኒክን ፋይናንስን ሀገዝ ን ኢትዮጵያ ትሲማ ኽህቡ ወይድማ ኽልቲኡ ኽሰርሁ ኣብ ኢትዮጵያ ጨንፈር ከጣይሹ ነጻ እዮም። እቲ ህጊ ን ምግባረ-ሰናይወፃኢ ትሲማ ምስ ኢትዮጵያ ትሲማ ብሃባር ኽሰርሁን ኣቕሚ እቲ ዳህረዋይ ከእብዩ የበረታትእ። ከማኡውን ኣብ ጉዳያት ሰብኣዊ መሰልን ዴሞክራሲን ኽሰርሁ ይፈቕደሎም። ይኹን እምበር ብቐጥታ ን ውድባት ፖለቲካ/ ፖለቲካ ፓርቲ/ ደገፍ ኽገብሩ ኣይፍቐደሎምን። ኣብ ምእዛብ መረጻን መረጽቲ ኣብምምሃርን ንምስራህ ናይ ሃገራዊ ቦርድ መረጻ ኢትዮጵያ ፈቓድ ኽረኽቡ ኣለዎም።

## 5.1.2 ናይ ኢትዮጵያ ትሲማ

ናይ ኢትዮጵያ ትሲማ ብ ኽልተ ወይድማ ኻብኽልተ ንላእሊ ኢትዮጵያዊን ወይድማ ኣብ ኢትዮጵያ ብዝነብሩ ወጻእተ ዝጣየሸ እዩ። ይኹን እንበር ብ ነባሪነቶም ኣብ ኢትዮጵያ ብዝኾኑ ወጻእተ ዝተጣየሹ ትሲማ ን ውድባት ፖለቲካ/ ፖለቲካ ፓርቲ/ ደገፍ ኽገበሩ ኣይፍቐደሎምን። እዞም ትካላት ንትረፊ ዘይኾኑንን ንስልጣን ፖለቲካ ንምኃዝ እላማ ዘይገበረ ህጋዊ እላማ ኽዋፈሩ ሙሉእ ነጻነት ኣለዎም። ብመሰረት ኣንቐጽ 62 ንኡስ ቑጽሪ 5፣ ብካሊእ ህጊ እንተዘይተፈቒዱ ናይ ወጻኢ ትካላትን ብ ነባሪነቶም ኣብ ኢትዮጵያ ብዝኾነ ወጻእተ ዝተጣየሹ ናይ ኢትዮጵያ ትሲማ ኣብ ውድባት ፖለቲካ/ ፖለቲካ ፓርቲ/ ደገፍ ምግባር ኽዋፈሩ ኣይኽእሉን፣ ኣብ መረጽቲ ምምህርን መረጻ መእዛብን ኽፈዋፈሩ ኣይኽእሉን። ናይ ኢትዮጵያ ትሲማ ን ትርፊ ንዘይኾነ እላማ ብኻልኦት ህጊታት ዝተጣየሹ ናይ ሃይማኖታዊ ትካላትን ን ናይ ንግዲን ዘርፍ መሃበራት ቻምበር ፣ ወድባት ፖለቲካ ወይድማ ከም እድር ፣ ሰነበቴን እቑብን ዝመሰሉ ባህላዊ ናይ ኣርሰ ምትህህባር ማህበራት ዝመሳሰሉ ኣካላት ኣየሃውስን።

ዝተፈላለዩ ኣይነታት ኢትዮጵያ ትሲማ ኣለዉ። እዚኦቶም ማህበራት፣ ብቦርድ ዝምርሁ ትካላት ምግባረሰናይ ኢንዶመንት ፣ ምግባረሰናይ ህደራ ምግባረሰናይ ኮሚቴ (ናይ ትሲማ ህጊ ኣንቐጽ 18 ረአዩ) የጠቓልሉ። በይዛኦም እዚ ምደባ ብመሰረት ኣወቓቕራን ኣመሃድራን ትሲማ ምኺኑ ልቢ ይበሉ።

**ማህበራት፡-** ህጊ ትሲማ ጠቕላላ ጉባኤ ከም ላእለዋይ ውሳኔ ወሃቢ ኣካል ዝመሃደር ብ ሀሙሽት ወይድማ ብዝበለጹ ኣባላት ዝጣየሸ ትካል ምኺኑ ትርጉም ይህብ። በተቓራኒ ኣብቲ ነባር ህጊ ዘሎ፤ ማህበረሰብ ማህበራት ን ምእባይ መሰልን ጥቕሚን ኣባላት፣ ብሀፈሻ ንህዝቢ ወይድማ ንዝተወሰነ ኽፋል ህብረተሰብ (ከም ደቀንስትዮ፣ ኣካል ጉዱኣት) ጥቕሚ ኽሰርሀ፣ ወይድማ ብኣባላት ጠቓሚ ዝብሃል እላማ ንምእባይ (ንምሳሌ ምንባብ መጻህፈትታት ወይድማ ኣእዋፍ ምርኣይ) ኽጣየሹ ይኽእሉ።

ናይቲ ህጊ ኣንቐጽ 2.1 ን ትሲማ ከም ወገናዊነት ዘይብሎም መንግስታዊ ዘይኾኑ ፣ ንትርፊ ንዘይኾነ ኣካል ብ ኽልተ ወይድማ ብዝበለጹ ሰባት ከምዝጣየሽ ይትርጉምን። ትርጉም ናይ ግለሰብ ኣብ ኣንቐጽ 2/17/ ን ተፈጥሮኣዊን ብህጊ ሰብ ዝኾኑ ከም ካምፓኒታትን ትሲማን ኽምዝሃውስ ትርጉም ይህብ። ብምኺኑውን ማህበራት ን ኻልኦት ኣይነታት ትሲማ ብ ናይ ተፈጥሮ ሰባት ወይድማ ብህጊ ሰብነት ብዘለዎም ወይድማ ብኽልቲኦም ኽጣየሹ ይኽእሉ።
በይዛኦም ኣባልነት መርህ ዝኾነ ምኺኑ፣ እዚ ማለት ጠቕላላ ጉባኤኡ እቲ ዝለአለ ናይ ውሳኔ ወሃቢ ኣካል ዝኾነ ምኺኑ ዝተፈለየ ተፈጥሮ ማህበራት ከምዝኾነ ልቢ ይበሉ። ብመዳይ ኣወቓቕራ ዝተወሰኑ ማህበራት ናይ ማኔጅመንት ቦርድን ኣስፈጻሚ ዳይሬክተርን (ምስ ሰራህተኛ) ኻብ ጠቕላላ ጉባኤ ብተወሳኽነት ኣለዎም። ኻልኦት ዝተፈለየ ማኔጅመንት ወይድማ ኣፈጻሚ ዘይብሎም ብ ፕሬዝዳንት/ ሊቀመንበር፣ ምኽትል ፕሬዝዳነት/ ምኽትል ሊቀመንበር፣ ጸሀፊ፣ ንብረትን ፋይናንስን ሃላፊ ዝምራህ ናይ ኣስፈጻሚ ኮሚቴ ኽህልዎም ይኽእል። እቲ ዳህረዋይ ብመብዛሀቱ ብ መናእሰይ፣ ደቀንስትዮን ናይ ሞያማህበራትን ዝትገበር ኽኸውን መብዛሀትኦም ትሲማ እቲ ቐዳምዩ ይትግብሩ። እቲ ህጊ ዝተወሰነ ኣወቓቕራ እንተዘየቐመጠ እኳ ናይ መመስረቲ ሰነድ ግና ኣወቓቕራ ትሲማ ኽገልጽ ኣለዎ።

**ብቦርድ ዝምርሁ ትሲማ:-** እዚኦቶም እቲ ቦርድ እቲላእለዋይ/ወሳኒ ናይ ውሳኔ ወሃቢ አካል ዝኾነሎም ትሲማ እዮም። ብቦርድ ዝምርሁ ትሲማ ብተፈጥሮ ውይድማ ብህጊ ሰብነት ብዘለዎም ብ ኽልተ ወይድማ ብዝለኣሉ መስረቲ ሰባት ዝጣየሹ እዮም። መስረቲ ንቶም ናይ መጀመርያ ቁጽሮም ኻብ 5 ኽሳብ 13 አባላት ቦርድ አብ መመስረቲ ሰነድ ይስይሙ። ሹመትን ናይ አገልግሎት ዘመንን አባላት ቦርድ ብ መመስረቲ ሰነድ ይወሰን። ብቦርድ ዝምርሁ ትሲማ ኻብ ቦርድ ብተወሳኺ ብ አስፈጻሚ ዳይሬክተር/ ስራህ መካየዲ ን አባላቱን ዝተዋቐረ ናይ ምምህዳር አካል ኽህልዎ አለዎ። አባላት ቦርድ ወይድማ ምስአቶም ብ መውስቦ ወይድማ ብ ስጋ ዝምድና ዘለዎም አብ ምምህዳር አካል ኽሰርሁ አይፍቐደሎምን።

**ምግባረ ሰናይ ኢንዶመንት:-** እዚ ዝተወሰነ ንብረት ብቐጻልነትን ኽጥሃስ በዘይኽል መሰረት ተዋሂቡ ብርዳእታ ወይድማ ብኑዛዜ ወይድማ ብትእዛዝ እቲ ኤጀንሲ ን ምግባረ ሰናይ ንዝኾነ ተግባር ጥራህ ዝውእለሉ እዩ። ምግባረ ሰናይ ኢንዶመንት ስራህ መካየዲ፣ኦዲተርን አድላዩ ሰራህተኛ ኽህልዎ አለዎ። እቲ ቦርድ እንተነአሰ ሰለስተ አባላት ይህልዎ። ላእለዋይ አካል እቲ ኢንዶመንት እዩ።

**ምግባረ ሰናይ ሃደራ:-** ብመሰረት ምግባረ ሰናይ ሃደራ ዝፈጠረ ሰነድ ብዘሃቦ መመርሂ ን ምግባረ ሰናይ እላማ ጥራህ ዝተፈለየ ንብረት ብ ኻብ ሰለስተ ኽሳብ ሀሙሽተ ትረስቲ /trustee/ ብዝብሃሉ ሰባት ዝመሃደር ትካል እዩ።

ኸም ምግባረ ሰናይ ኢንዶመንት እቲ ሃደራ ብርዳእታ ወይድማ ኑዛዜ ወይድማ ብ ኤጀንሲ ምግባረሰናይን ማህበራትን ኽጣየሽ ይኽእል። ኻብ ኢንዶውመንት ዝፈለየሉ ዝመሃደር ኻብ ቦርድን መካየዲ ስራህን ብ ትረስቲ ምኻኑ እዩ። ንዝተወሰነ ወይድማ ንዘይተወሰነ ግዜ ኽጣየሽ ይኽእል። ኣንቐጽ 33/1/።

**ምግባረ ሰናይ ኮሚቴ:-** ብ 5 ወይድማ ብዝበለጹ እላማኦም ንሰናይ ተግባር ንምውኣል ኻብ ህዝቢ ገንዘብ ወይድማ ካልእ ንብረት ብምርኻብ ብህባራ ዝሰርሁ ናይ ተፈጥሮ ሰባት ዝጣየሽ አካል እዩ። ከምዚኦም ዝመሰሉ ከሚቴታት ንምሳሌ ከም ናይተፈጥሮኣዊ ሃደጋ ፣ አብ ሀደጋ ንዘለዉ ሰባት ሃገዝ ንምእተእኽኻብ ኽጣየሹ ይኽእሉ። ልእል ዝበለ ገንዘብ ዝአከበ ኮሚቴ ናብ ምግባረ ሰናይ ኢንዶመንት ኽቕየር ይኽእል። እቲ ኮሚቴ ፕሬዝደንት፣ ንብረት ሃላፊን ኦዲተር ኽህልዎ አለዎ። ምግባረ ሰናይ ኮሚቴ ቕድሚ ናይቲ ኤጀንሲ ፈቓድ ምርካቦም ገንዘብ ኽእኽቡ ወይድማ ኻልኦት ተግባራት ኽፍጽሙ አይኽእሉን። ኸማኡውን እቲ ኮሚቴ ብዘአባ ዝአከቦ ገንዘብ ዝርዝር መግለጺ ሂሳብ ነቲ ኤጀንሲ ከቕርብን አባላትውን ከም ገንዘብ ምምዝባር ንዝመሳሰሉ ኻብ ተግባራት እቲ ኮሚቴ ዝልኣሉ ግዴታታትን እዳታትን ናይ ውልቅን ናይ ሀፈሻን ሃላፊነት ይህልዎም። ብኻሊእ አዘራርባ አባል እቲ ኮሚቴ ንእዳ እቲ ኮሚቴ ኽኸፍል ሃላፊነት ኽህልዎ ኽግበርን ቐጺሉውን አባላት ኻብቲ እዳ ከከምድርሻኦም ኽመልሱሉ ይገብር።

**ሕብረትን ሕበረት ሕብረታትን፡-** እቲ ኻብቶም እቲ ሃዱሽ ህጊ ለውጢ ኻብዘገበረሎም ጉዳያት እቲ ሃደ ምስ ምጥያሽን ሃላፊነትን ሕብረት ዝተተሃዘ እዩ። እቲ ናባር ህጊ ኣብ ምምስራትን ሃላፈነትን ሕብረት ዝተፈላለዩ ገደባት ገይሩ ነይሩ። ንምሳሌ ኢትዮጵያዊ ትሲማ / ምስ ናይ ወጻኢ ወይድማ ኣብኢትዮጵያ ነባሪ ምስዝኮኑ ምግባረ ሰናያት ሕብረት ኽፈጥር ወይድማ ምግባረ ሰናያት ምስ መሃበራት ምትህህባር / ኔትዎርክ/ ኽገብሩ ኣይፈቐደሎምን። ብተወሳኺ ን ሕብረት ብ ኣባላት ዝግበር ኣስተዋጽኦ ኽም ኣመሃድራዊ ወጻኢ ይቑጸር። እዚ ድማ ን ምምስራትን ንምንቕስቓስ ሕብረት ብጣእሚ ኽቢድ ገይረዎ እዩ። እቲ ህጊ ብተወሳኺ ኣብ ምጥያሽ ሕብረት ሕብረታት ግልጺ መምርሂ ስለዘይህብ ኣብ ህጋዊነት ንዚ ዝመሰሉ ሕብረታት ዘይ ርጉእ ኽኾኑ ገይርዎም እዩ።

እቲ ኤትሲማ ንዞም ገደባት ዘወግዱ ኣወንታዊ ለውጥታት ኣተኣታቲዉ እዩ። ብዚ መሰረት ኣብ ምምስራት ሕብረት ከም ኣታዊ መሰረት ዝገበረ ምደባ (ናይ ኢትዮጵያዊ ኣንጻር ነበርቲ ወዘተ) ዘለዉ ገደባት ብግቡእ ኣወጊዱ እዩ። ብዚ መሰረት ናይ ኢትዮጵያ ትሲማ ምስ ናይ ወጻኢ ትሲማ ብዘይ ዝኾነ ኣብ ምንጪ ኣታዊ ወይድማ ስራህ መሰረት ዝገበረ ገደብ ሕብረት ኽምስርቱ ይኽእሉ። ብተመሳሳሊ ማሕበራት ምስ ብቦርድ ዝምርሁ ትካላት ወይድማ ምስ ኻልኦት ኣይነታት ትሲማ ሕብረት ኽምስርቱ ይኽእሉ።

እቲ ህጊ ኽማኡውን ኣብ ሃላፊነት ማሕበራት ዝነበረ ገደብ ኣልኢሉ እዩ። ብዚ መሰረት እቲ ህጊ ን ምህጋዝን ምቕንጃውን ጻእሪ ትሲማ ን ምእዋት ናይ ሀበራ እላማ፣ ን ሃሳባት ምልውዋጥ ንምቕልጣፍ፣ ሀበሬታን ተሞኽሮን፣ ን ኣቕሚ ትሲማ ኣባላት ምእባይ ን ናይ እታወታት ምምህዳር ምህጋዝ፣ ን ስነምግባርን ሞያዊ ደረጃ ኣባል ትካላት ምምህያሽ ፣ ምጽራይ ሃሳብ ኣባላትን ን ስራሆም ዝህሽ ኹነታት ኽፍጠር ምቅላስ፣ ጽንኣት ምኽያድ፣ ኣብ ኣባላት ኣብዝሰርሁሎም ጉዳያት ናይ ፖሊሲ ኣማራጺ ምቕራብ ምስ ኣባላቶም ብመትህግጋዝ ንፕሮጀኽትታት ናይ ምትግባር ወፍሪ ህዊሱ ዝርዝር መግለጺ እላማታት ሕብረት ኣቐሚጡ እዩ። ይኹን እምበር ን ሀቀኛ ምትህብባር ዝጻረር ከምዃኑ ሕብረት ኣብ ብቐጥታ ምስ ኣባላቶም ዝወዳደር ተግባራት ኽነጥፉ ኣይኽእሉን። ብመሰረት ኣንቐጽ 56 ንኡስ 3 ሕብረት ብቐጥታ ፕሮጀኽትታት ኽትግብሩ ኣይኽእሉን።

ን ኣብ ጽንኣትን ፖሊሲ ምምኻርን ንኽዋፈሩ ኣብዝፈቐደሎም ናይ ዘርፊ ሕብረት ዝምልከት ኣብ ኣንቐጽ እቲ ህጊ ዝተፈለየ ጠመተ ኽወሃብ ይግባእ። ብዚ መዳይ ሕብረት ዘተፈለየ እውቀት፣ ተሞኽሮን ናይ መጽናእቲ ምኽያድ ኣቕሚ ኣባላቶም ብምህሳብ ኣብ ፖሊሰ ተሳትፎ ቑልፊ ተራ ኽጻወቱ ኣለዎም። ሕብረት ከም ጥእና፣ ትምህርቲ፣ ሰብኣዊ መሰል፣ ኣካል ጉዱኣት፣ መሰል ደቀንስትዮ፣ ኣብ ዝመሳሰሉን ናይ ምህጋዝን ምምኻርን ኣገልግሎታት ጠሚሮም ንመንግስቲ ከምሃቦም በዚ መዳይ ኣስተዋጽኦም ነዊህ ርህቐት ዘለዎ እዩ።

ኣብመወዳእታ እቲ ህጊ ብግልጺ ናይ ባእሎም ሕብረታት ሕብረት ዝብሃል ኔትወርክ ሕብረት ናይ ምምስራት መሰል ሕብረት ኣፍልጦ ይህብ። እዚ ኣብ መልክኣምድራዊ ( ኽልላዊ ሀገርለኸ) ወይድማ ኣብ ትኹረት ኣቕጣጫ ኣብ ዝተፈላለዩ ደረጃታት ኽስራህ ይኽእል። ብርግጽ እቲ ናይ ዝለኣለ ሕብረታት ሕብረት ኣብ ስር እቲ ኣዋጅ ንኣርሰ ምምህዳር ንምምህያሽን ምስ መንግስቲን ኻልኦት በኣል ድርሻ ኣካላትን ኣብዝህልው ድርድራት ንቲ ሴክተር ክውክል ዝጣየሽ ናይ ትሲማ ካውንስል እዩ።

## ዘኽሩ፡-

ኻብ ምግባረ ሰናይ ኮሚቴ በስተቀር ኩሎም ኣይነታት ትሲማ ኽሰርሁ ኽምዝገቡ ኣለዎም።

# ምእራፍ 6
# ጉዳያት ትግበራ ኣብ ስር ህጊ ትሲማ

# ምእራፍ 6

# ጉዳያት ትግበራ ኣብ ስር ህጊ ትሲማ

## 6.1 ናይ ትግበራ ነጻነት

እዚ ኻብቶም ብ እቲ ሃዱሽ ኣዋጅ ትሲማ ህለዋ ዝግበረሎም ቐንዲ መሰላት እቲ ሃደ እዩ ብዚውን ትሲማ እላማኦምን ተግባሮምን ናይምውሳን ነጻነት ኣለዎም። ትሲማ ብ ፍላይ ኣብ ህዝቢ ፖሊሲን ጉዳይ ህዝቢን ዝምልከቱ ጉዳያት ን ኣብ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ማህበራዊን ባህላዊን ህይወት እቲ መሃበረሰብ ኽሰርሁ ይፍቐደሎም። ብዚ መዳይ ናይቲ ኣዋጅ ኣንቐጽ 62/1/ " ትካል እላማኡ ከእውት ኣብዝኾነ ህጋዊ ተግባር ኽነጥፍ ሙሉእ መሰል ኣለዎ " ኢሉ የቐምጥ። እቲ ህጊ ናይ ትግበራ ነጻነት ኽሳብ ሙሉእ ትርጉሙ ይህብን ምስ ህገመንግስቲ ኢፌድሪን ኣለምለኸ ሰነዳት ሳብኣዊ መሰል ብዝሳነይ ኣፍልጦ ይህብ። ብዚ መሰረት ትሲማ ኣብ ሀገርለኸ፣ ኣለምለኸ፣ ኽልላዊ ተፈጥሮ ኣብዘለዎም እላማታት ኽሰርሁ ይኽእሉ።እቲ ህጊ ብፍላይ ትሲማ ናይ " ዘለዉ ህጊታት፣ ፖሊሲታት ወይድማ ተግባራት ኽቅየሩ ወይድማ ኽማሃያሹ ወይድማ ህደሽቲ ህግታትን ፖሊሲታትን ኽወጽኡ ሃሳብ ከምዘቕርቡ" ይጠቅስ ኣንቐጽ 62/4/

ትሲማ ናይ ኣብ ህጊ ወይድማ ፖሊሲ መንግስቲ ብ ዘለዎም ከቢድ ተሰማኢነት ኣብ ምእባለን ሃለዋን ሳብኣዊ መሰላትን ቐንዲ ነጻነትን ድጋፎም ኽህቡ ኣለዎም።

ብተግባር ንዚ ሃፈሻዊ መርህ ዝተወሰኑ ፍሉይ ኹነታት ኣለዉ። ቐዳማይ ትሲማ ኣብ ዘይህጋዊ ተግባር ፣ ኣብ ትካሎም ህገደንቢ ኣብዘይተሃወሱ ተግባራት ፣ ብ ካልኦት ህጊታት ዝተኸልከሉ ወይድማ ናይ ወንጀል ተግባር ዝበሃሉ ተግባራት ኽሳተፉ ኣይኽእሉን። ካልኣይ ናይ ወጻኢ ትካላት ወይድማ ብወጻእቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተጣየሹ ን ፖለተካ ውድባት ደገፍ ኣብምግባር፣ ብኻልኦት ህጊታት እንተዘይተፈቒዱሎም ኣብ መረጽቲ ምምሃር ወይድማ መረጻ ኣብምእዛብ ኽሰርሁ ኣይኽእሉን። ሳልሳይ ን ህፋሽ ህዝቢ ወይድማ ንጥቕሚ ሳልሳይ ወገን ዝሰርሁ ትካላት ተግባሮም ናይ ጥቕሚ ደቀንስትዮ፣ ኣካል ጉዱኣት፣ ኣረጋውያን ዝተገለሉ ኽፋላት ህብረተሰብ ዘማእከለ ምኻኑ ከረጋግጹ ኣለዎም። ራብኣይ ትካላት ስራሆም ብ ካልኦት ህጊታት ዝተፈለየ ፈቓድ ዘድልዮ ምኻን ዘይምኻኑ ከረጋግጹ ኣለዎም።

ፍሉይ ኹነታት ፥ ዘምዝቕጽሉ ተግባራት ዘይተፈቐዱ ምኻኖም በይዛኦም ልቢ ይበሉ

- ዘይህጋዊ ተግባራት
- ውድባት ፖለቲካ ደገፍ ምግባርን ብ ናይወጻኢ ትሲማ ብዘይ ፈቓድ መረጽቲ ምምሃር
- ንጥቕኣት ዝተጋለጹን ዝተገለሉን ኽፋላት ህብረተሰብ ዘይምህዋስ
- ኣብ ብኻልኦት ህግታት ዝተፈለየ ፈቓድ ኣብዘድልዮም ተግባራት ምስራህ

## 6.2 ናይ እታው ምትእልላሽ ፣ ምቕባልን ምጥቓምን ነጻነት

ትሲ.ማ ህልውናኦም ንምቕጻልን ን እላማኦም ንምፍጻም እታወ የድልዮም። ብምዃኑውን ን እታወ ዘለዋም ተረካባይነት ኻብቶም መሰረታዊ አካላት መሰል ምውዳብ እቲ ሃደ እዩ።
ብዚ. መሰረት ትሲ.ማ ኸም

- ናይ ገንዘብ ምንጪ. (ፈንድ ፣ ርድኦታ፣ ናይ ግለሰብ ርድኦታ፣ ኽፍሊት አባልነት፣ ኻብህዝቢ. ዝእከብ እታዎ ዝርከበሎም ተግባራት
- ብአይነት ዝግበር ርድኦታ ( አቅሃ፣ አገልግሎት፣ ንብረት)
- ማቴርያልስ ( ናይ ቢሮ አቃሁት፣ ኢንፎርሜሽን ቴኽኖሎጂ አቃሁት)
- ናይ ሰብ ሀይሊ. ( ሰራሀተኛ)
- ን አለምለኸ ህገዛ ጥምረት
- እድላት ( ስልጠና፣ ናይ ድጋፍ አኼባ፣ ምእባይ ምትህብባር) ኽሐውስ ዝኽእል ኻብ ህጋዊ ምንጭታት ን እታወ ናይምትእልላሽን ምቕባልን መሰል ኽህልዎም አለዎ።

መንግስታትን ረዳኢታትን አብ ናይ ርዳእታ ውጽኢ.ታውነት አብ ስር ፓሪስ ዲ.ኽላሬሽን (2008) አብ አኽራ አጀንዳ ፎር አኽሽን (Accra Agenda for Action ) ዝርከብ ብ ፋይንስ ህገዛ ትሲ.ማ አብ እብየት አብዘለዎም አስተዋጽኦ ዘኽእል ኩነታት ንምፍጣር ቁርጸኛ እዮም።

አብ አለምለኸ ናይ ሲ.ቪ.ልን ፖለቲከን መሰላት ስምምእ (International Covenant on Civil and Political Rights (ICCPR) አጋደዲ. ትርጉም ናይምውሃብ ስልጣን ብዘለዎ ናይ ተመድ ሰብአዊ መሰል ካውንስልን አብ ምርኻብ እታወታት መሰል ትሲ.ማ ብምድጋፍ ብዙህ ትርጉማት ዲ.ኽላሬሽንስ፣ ሪሶሉሽናት፣ ኮሚኒኬሜሽን ሪፖርትን ትርጉም ተዋሂቡ እዩ። ብተመሳሳሊ. ናይ አፍሪካ ሰብን ህዝቢ.ን ኮሚሽን (African Commission on Human and Peoples') አብ አብ መሰል ምውዳብን ምስብሳብን መምርሂ ን ሃገራት ንትርፊ ንዘይኾነ እላማ ብዝሳነይ ነጻነት ምትእልላሽ፣ ምቕባልን ምጥቃምን መሰል ማህበራት አፍልጦ ዝህብ ህጊ ከታአታትዉ ጻውኢት ይገብር።

ብዚ. መሰረት እቲ ሃዱሽ ናይ ኢትዮጵያ ህጊ ትሲ.ማ ን ናይ ትሲ.ማ ኻብ ህጋዊ ምንጪ. ን ፈንድ ምትእላላሽን ምርኻብን መሰል አፍልጦ ይህብ። ከም አብ ህጊ ትሲ.ማ ኣንቐጽ 61/4/ ዝተገለጸ ትሲ.ማ ናይ ዝንቐሳቐስን ዘይንቓሳቐስን ንብረት በአለቤትነት፣ ናይ ምትህድዳርን ናይ ምትህልላፍ መሰል አለዎም። ብተወሳኺ. እላማኦም ከሳኽኡ ፈንድ ኻብ ህጋዊ ምንጪ. ናይ ምቕባልን ምጥቓምን መሰል አለዎም። እቲ ህጊ ብተወሳኺ. አብ ህጋዊ ስራህ ንግዲን ኢ.ንቨስትመንትን ከማኡውን አብ ፈንድ ምትእኽኻብ ኽዋፈሩ መሰል ትሲ.ማ አፍልጦ ይህብ።

> **ትሲ.ማ ናይ ንግዲ ትካል፣ አብ ዘሎ ትካል ንግዲ አኽስዮን ናይምሃዝ፣ ፈንድ ምትእኽኻብን ኻብ ረዳእቲ፣ ውልቃዊ ትካላትን ውልቀ ሰባትን እታወ ምትእልላሽ ይኽእሉ፡፡**

እቲ ህጊ ን እታወታት ናይ ምርኻብ መሰል ትሲማ አፍልጦ እንኽህብ ንተሃታታይነቶም ንምርግጋጽ ድማ ሀለዋታት የቐምጥ። እቲ ህጊ ትሲማ ብቐጥታ ወይድማ ብተዘዋዋሪ ፍሉይ ውልቃዊ ጥቕሚ ን ምስትትካል ዝተታሃዘ ሰብ ንኸይህቡ ይኽልኽል። አብቲ አዋጅ አብ ኣንቐጽ 62/11/ ኸም መምርሂ ዝተቐመጠ ሃላፊነቶም እንኽዋጽኡ " ኹሎም አባላት፣ ሃላፊትን ሰራህተኛታትን እቲ ትካል ን ጥቕሚ እቲ ትካል ቕድሚያ ናይምሃብን ናይ ጥቕሚ ግጭት ንምውጋድ ዘድልዩ ቕድመ ጥንቓቐታት ኽገበሩ ሃላፊነት አለዎም " እቲ ህጊ ን ውልቀሰባት ጥቕሚ ትሪፊ ወይድማ ንብረት እቲ ትካል ምምቓል ብግልጺ ይኽልኽል። ናይ መመሃደሪ መምርሂ ወይድማ ህግታት ትሲማ " ናይቲ ትካል አታዊ ወይድማ እታዎታት ን ብህጊ ዝተፈቐደ ኽፍሊት አገልጎለት እንተዘይኾይኑ አብ ሞንጎ አባላት ወይድማ ሰራህተኛታት ኽመቓቐል ከምዘይኽእል ዝገልጽ ሀተታ " ከካትቱ ናይ ህጊ ግዴታ አለዎም ኣንቐጽ 60/1/መ/። ብተወሳኺ አባላት ወይድማ ሰራህተኛታት አባል ወይድማ ሰራህተኛ ብምዃኖም ጥራህ አብ ንብረት እቲ ትሲማ ዝኾነ መሰል ከምዘይብሎም ብግልጺ አብ ደንቦም ( ውሽጠደንቢ ወይድማ ህጊታት ) ኽገልጹ አለዎም።

## 6.3 ውሽጣዊ ናይ ፋይናንስ ቑጽጽር ሲስተም

ናይ ውሽጣዊ ፋይናንስ ቑጽጽር ናይ ፈንድ አተሃህዛ ብምምህዳር ን ንብረት እቲ ትሲማ ይህልው። ን ረዳእቲን አባላትን እታዎታት እቲ ትሲማ ደው ንዝበለሉ እላማ ብበሊህ መንገዲ ጥቕሚ እንዳሃበ ከምዝኾነ እንደረጋገጸ ን ሽምን ውጽኢታውነት የደላድል።

- ትሲማ ን አባላት ሕብረት እንተዘይኾይኑ ን ትርፊ አሞነጎ አባላት ንምኽፋፋል ኽጣየሹ አይኽእሉን።
- ኻብ ንግዲ ወይድማ ኢንቨስትመንት ስራህ ዝተረኸበ አታዊ ንጥቕሚ አባላት ክውእል ኽማሃላለፍ አይኽእልን
- እታወ ዝርኸበሎም ተግባራት ዝተረኸቡ አታዊን እታወታትን ን አባላት ወይድማ ንሰራህተኛታት እቲ ትካል ኽማሃላለፉ ወይድማ ንጥቕሚ አባላት ወይድማ ንሰራህተኛታት እቲ ትካል ብሃባር ኽጥቀሙ ኽግበር አይኽእልን።
- ኻብ ንብረት ዝርከብ እታወ ን አባላት ኽመሃላለፍ ወይድማ ኻብ እላማ እቲ ትካል ወጻኢ ንዘሎ ተግባ ኽውእል አይኽእልን።
- እቲ ትካል አብ ዝፈረስሉ እዋን ንብረት ናብ ተመሳሳሊ ትካል ወይድማ ናብ መንግስቲ ኽመሃላለፍ አለዎ።
- ን ግጭጥ ጥቕሚ ንምውጋድ አድላዩ ስጉምቲ ምውሳድ።

## 6.4 አመሃድራ ትሲማ

ትካል ጽቡቕ አመሃድራ ተግባራዊ ዝገብር ናይ ህዝቢ ጥቕሚ ኸምዝተሃለወ ጸረጋግጽ ብውሽጣዊ ስረኣት ቑጽጽር እዩ። ህጊ ትሲማ ን ናይ ትሲማ ናይ አወቓቕራ ትካሎምን አመሃድራን ናይ ምውሳን መሰሎም አገደድቲ ኹነታት ብምቕማጥ አፍልጦ ይህብ። ብዚ መሰረት ትሲማ ናይ ውሽጣዊ አመሃድራ ፣ ን ሃለፍቲ ናይ ምምራጽ ህጊ፣ ውሽጣዊ ተሃታታይነት አኻይዳታትን ኻልኦት ምስ ፍሉይ ድልየቶም ዝሳነይ ውሽጣዊ አማድራዊ ጉዳያት ኽውስኑ ነጻነት አለዎም።

አብ አባላት ትሲማ ውሳኔታቱን መምርሀታቱን ኻብ ኻልኦት አካላት እቲ ትካል ዝበልጽ እቲ ዝለአለ አካል አመሃድራ ጠቕላላ ጉባኤ እዩ። ንኹሎም ውሳኔታት ብተግባር ን ጠቕላላ ጉባኤ ምጽዋእ ስለዘይኻኣል እቲ ትካል ን እለተዊ ተግባራት እቲ ትካል ዝኸታተል ቦርድ ወይድማ አፈጻሚ ኮሚቴ ዝብሃል ወኪል አካል ኸጣይሸ ይኽእል (ኣንቐጽ 19)። ብካሊእ ወገን አብ ብቦርድ ዝምርሀ ትካላት ( አባላቱ ኻብ 5 ኽሳብ 13 ዝኾኑ እቲ ቦርድ ዝለአለ ቐጻሊ ጌጋታት ናይምእራይን ውሳኔ ናይ ምሃብ ስልጣን አለዎ እንቀጽ 20) ትሲማ አብ ኣንቐጽ 65 ንዝተቐመጡ አገደስቲ ኹነታት ዝከታተል አፈጸምቲ ኽመርጹ ይኽእሉ።

> **አብ ሴክተር ትሲማ ጽቡቕ አመሃድራ “ አብ አመሃድራ ዘይትሪፊ ትካል ብውጽኢታዊን ብተሃታታይን መንገዲ ግልጺ ውሳኔ አዋህባ፣ ን እታወታት ምምራህን ስልጣን ብመሰረት ናይ ሃበራ እላማታት ምትግባር ” ብዝብል ኽግለጽ ይኽእል፡፡**

ይኹን እምበር መስረቲ ወይድማ አባላት ትሲማ ኽፍጽምዎም ዘለዎም ዝተወሰኑ ገደባት ወይድማ መርሃት አለዉ።

- አብ ዝኾነ ትካል አባልነት ብ አርሰ ተበጋሲነት ኽኸውን አለዎ፣ ዝኾነ ሰብ ብቲ ትካል ዝተቐመጡ ንአባልነት ዘብቕኡ ቕድመ ኹነታት ኽሳብ ዘሟልዐ አባል ናይ ምኧን መሰል አለዎ።
- አብ ውሳኔ ኹሉ አባል ማእረ ድምጺ አለዎ።
- ምጥያሽ ናይ ውሽጣዊ አማሃድራ እቲ ትካል ብመሰረት ዴሞኽራስያዊ መርሃት፣ ኻብዝኾነ ምግላል ነጻ ዝኾነ፣ ነጻን ዘይወገናዊ ኽኸውን አለዎ።
- ትካል ብ ህጉ ብዝተፈቐደሎም አካላት ሙሉእ ተሳትፎ ብዝተመረጹ ሰባት ኽማሃደር አለዎ።
- አባል ቦርድ ወይድማ አፈጻሚ ኮሚቴ አብቲ ትካል ኸም ሃላፊ ወይድማ ኸም ተራ ሰራህተኛ ኽቑጸር አይኽእልን፡፤

## 6.5 ሪፖርትን ቑጽጽርን

### 6.5.1 አይነታት ሪፖርትን ናይ መቕረቢ ግዜ

ን ትሲማ ብዘአባ ፋይናንሶምን ተግባሮምን ን ዝምልኸቶም ኤጀንሲታት መንግስቲን ንህዝቢን ሀበሬታ ኽህቡ ምግባር ግቡእ እዩ። ኸም አካል ን ተሃታታይነቶምን ግልጽነቶምን ምርግጋጽ ትሲማ ናይ ፋይናንስ ሪፖርት ን መንግስቲ አካላት ፣ ረዳእቲን ተጠቐምቲን ኸቕርቡ ኽግበሩ ይኽእሉ። ብተወሳኺ ብመሰረት አብ ኻልኦት ከፊልቲ ግብሪ ዝፍጸሙ ህግታት አብ ንግዲ ስራህቲ ንዝተዋፈሩ ትሲማ ናይ ግብሪ ፋይል ኽገብሩ አለዎም። ደረጃ ሪፖርት አብ ሞንጎ አናእሽተይን ኣበይቲን ትካላት ተመሳሳሊ ዘይኸውን ይኽእል። አብ አበይቲ ትካላት ናይ ሪፖርት ግዴታታት ሙሉእ ብሙሉእ ኽፍጽሙ ትጽቢት ኽግበር አለዎ። አናእሽተይ ትሲማ ኻብ ዝተወሰኑ ናይ ሪፖርት ግዴታታት ነጻ ኽግበሩን ቕልል ዝበለ ሪፖርት ከቕርቡ ይኽእሉ።

ሕጂ ዘሎ ናይ ህጊ ስርኣት ትሲማ ናይ ኣርሶም ተሃታታይነትን ግልጽነት ከረጋግጹ የበረታትእ። ናይቲ ሃዱሽ ህጊ ትሲማ ኣንቐጽ 71 ኹሎም ትካላት ብመሰት ቕቡልነት ዘለዎም ናይ ሂሳብ መርሃት ዝተዳለወ ናይ ሂሳብ ሰነድ ኽህዙ ግዴታ የቐምጥ። ይኹን እምበር ኻብ ብር 200,000 ዘይበልጽ ንእሽተይ በጀት ዘለዎም ትካላት ብትትካል ዝተዳለወ ን ሂሳብ እስቴትምንት ጥራህ ዘርእይ ኸቕርቡ ይኽእሉ። ብተወሳኺ ሀለፍቲ እቲ ትካል ንዝኾነ ናይ ሂሳብ ሰነድ እንተነኣሰ ን 5 ኣመታት ከቐምጡ የገድድ። ብመሰረት ናይ ፋይናንስ ሪፖርት ወይድማ ብ ህቶ ረዳእቲ ወይድማ ብመንግስቲ ኣካል እቲ ኤጀንሲ ቐጻሊ ምጽራይ ኽጅምርን ብ ናይ ደገ ኦዲተር ምጽራይ ኽገብር ይኽእል።

## 6.5.2 ሪፖርት

እቲ ህጊ ትሲማ ኣመታዊ ናይ ስራሆም ሪፖርት (ኣንቐጽ 73) ከቕርቡ የገድድ። ኸማኡውን እዚ ሪፖርት ን ህዝቢን ንተጠቐምቲን (ኣንቐጽ 74) ኽፍቲ ኽግበር ኣለዎ። ናይ ሲቪኽ ማህበር ኻብ መወዳእታ በጀት ኣመት ኽሳብ ሰለስተ ወርሒ ኣመታዊ ሪፖርት እንተዘየቕረቡ እቲ ኤጀንሲ ምስ እኹል መጠንቐቕታ ናብ ኣመሃድራን ናይ ቤት ፍርዲ ጥርኣን ምቕራብ መሰል ትሲማ ኸምዘሎ ኹይኑ ንቲ ትካል ንምስራዝ ስጉምቲ ኽጅምር ይኽእል። እቲ ኤጀንሲ ንቲ ትካል ኣብ ውሽጢ 30 መኣልቲ ኽቐርብን ሪፖርት ዘየቕረበሉ ምኽንያት ኸረድእ ኣብ ጋዜጣ ጻውኢት ኸጋውህ ይኽእል። ይኹን እምበር እቲ ትካል ኽፍጽም እንተዘይኽኢሉ እቲ ኤጀንሲ ንቲ ትካል ምፍራስን ምስራዝን ኽጅምር ይኽእል። እዚ ኣብ ስራህ ንዘይርኸቡ ኣካላት ኻብ መዝገብ ሲቪሊ ማህበራት ንምውጋድ የኽእል።

**እቲ ኤጀንሲ ምጽራይ ንምኽያድ እኹል ምኽንያት ኽህልዎ እንኸሎ ብ እኹል ቕድመ መጠንቐቕታ ናይ ሲቪኽ ማህበራት ሰነዳት፣ ማህደራትን ስራህቲ ኣብ ዝኾነ ናይ ስራህ ሰኣት ኽፍትሽ መሰል ኣለዎ፡፡ ኣብ እዋን ምኽያድ ምጽራይ እቲ ኤጀንሲ ን እለታዊ ተግባራትን ስራህትን እቲ ትካል ከየእንቕፍ ግቡእ ስጉምቲ ኽወስድ ኣለዎ፡፡**

## 6.6 ናይምትግባር ስጉምቲ

ህደ ሃላፊነት እቲ ኤጀንሲ ትሲማ ተግባሮም ብመሰረት ህጊ ምኽያዶም ምቑጽጻርን ምርግጋጽን እዩ። እቲ ኤጀንሲ ኻብ ህዝቢ፣ ረዳእቲ ወይድማ ኻብ መንግስቲ አካል ወይድማ ናይቲ ትሲማ ሪፖርት ባእሉ ብምፍታሽ (ኣንቐጽ 77) አብ ዝኾነ ትሲማ ምጽራይ ኽጅምር ይኽእል። ኻብ ውጽኢት እቲ ምጽራይ ቐጺሉ እቲ ኤጀንሲ ሃሳብ ፣ መጠንቐቕታ፣ ምእጋድ ን ምፍራስ እቲ ትካል ሃዊሱ ዘተፈላለዩ ስጉምቲታት ኽወስድ ይኽእል።
ብህፈሻ እቲ ህጊ ን ተሃታታይነትን ግልጽነትን ትሲማ ንምርግጋጽ ዝተፈላለዩ ሜላታት አብ ተግባር የውእል። ኻብዚአቶም

- ዘለዉ ለውጥታት ናይ ምህባር ግዴታ
- ናይ ምዝገባ ሰርተፍኬት ናይምርአይ ግዴታ
- ኽድለይ እንኸሎ ምህላዎም ናይ ምርግጋጽ ግዴታ
- ናይ ሂሳብ መዝገብ ናይምሃዝ ግዴታ
- አመታዊ ናይ ሂሳብ ሪፖርት ናይምቕራብ ግዴታ
- ንቲ ኤጀንሲ አመታዊ ናይ ስራህ ሪፖርት ናይምቕራብ ግዴታ
- አመታዊ ናይ ስራህ ሪፖርት ንህዝቢ ናይምግዋህ ግዴታ
- ናይ ባንክ ሂሳብ ምኽፋት፣ ናይ ባንክ ሂሳብ ወይድማ ናይ ፈረምቲ ለውጢ ናይምህባር ግዴታ
- እቲ ትካል ሂሳብ ባንክ ንምኽፋት ኻብቲ ኤጀንሲ ናይ ጽሁፍ ፈቓድ ኽረኽብ አለዎ

እቲ ህጊ ኸም ንሃላፊነት እቲ ኤጀንሲ ዝሃቦ አፍልጦ ብተመሳሳሊ ናይ ቤት ፍርዲ አማራጺ ን ፍትሃዊ ምድማጽን መሰል ትሲማ አፍልጦ ይህብ (ኣንቐጽ 77 ፣ 78 ን 79) ይህብ።

## 6.7 ምውሃድ፣ ምምቓልን ምቕያርን

ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ትሲማ ብብኣርሶም ኽወሃዱ ወይድማ ኽኸፋፈሉ ወይድማ ናብ ኻልእ አይነት ትካል ኽቕየሩ ይኽእሉ።

ምውሃድ ናይ ኽልተ ወይድማ ዝበለጹ ትሲማ ኽዋሃዱን ንብረትን እዳን ናይቶም ትካላት ናብቲ ብሳእቢ ምውሃዶም ዝተፈጠረ ትካል ዝተሃላለፈሉ አኻይዳ ይምልከት። ብኻልእ አዘራርባ አብ ምውሃድ ኻብቶም ኽልተ ዘለዉ ትካላት እቲ ሃደ መንነቱ ምስቲ ኻልአይ ዘሎ ኸዋህድ ወይድማ ህልውናኦም አዋሂዶም ህዱሽ ትሲማ ፈጢሮም ንንብረቶምን እዳኦምን ሃዊሱ ንእታዎታቶም ን ተግባራቶምን ናብቲ ህዱሽ ትሲማ ኸመሃላልፉ ይኽእሉ፣

ኸማኡውን ትሲማ ናይ ባእልቶም ህጋዊ ሰብነት ናብዘለዎም ናብ ኽልተ ወይድማ ዝበለጹ ተመሳሳሊ ስራህ ናብ ዝሰርሁ ወይድማ ዘይሰርሁ ትሲማ ኽምቐል ይኽእል። እቶም ዝተመቐሉ ትሲማ ሙሉእ ብሙሉእ ኻብ ወላዲ ትሲማ ዝተፈለየ ተግባር ኽዋፈሩ ምኽኣል ጥራህ ኸይኾነ ዝተፈለየ አይነት አጠያይሻ/አወቓቕራ ኽኽተሉ ይኽእሉ። ንምሳሌ አባል መሰረት ዝገበረ ትካል ንአርሱ ናብ አባል መሰረት ዝገበረ ትካልን ናብ ብቦርድ ዝምራህ ትሲማ ኽመቕል ይኽእል። ብተመሳሳሊ ብቦርድ ዝምራህ ኾይኑ ዝተጣየሸ ትሲማ ብ አኻይዳ ምቕያር ናብ አባል መሰረት ዝገበረ ትካል ኽቕየር ይኽእል። በይዛኦም እዳታት፣ መሰላትን ሃላፊነታትን እቲ ነባር ትካል ናብቶም ዝተመቐሉ ወይድማ ዝተቐየሩ ትካላት ከምዝመሃላለፍ ልቢ ይበሉ።

እቲ ህዱሽ ህጊ ትሲማ ን ምውሃድ፣ ምምቓል ወይድማ ምቕያር ትሲማ ይፈቅድ። እዚ ውሳኔ ብዘይ ንምንግስቲ ሃዊሱ ብኻልኦት አካላት ጣልቃ አታዊነትን ዘይግቡእ ጽእንቶን ብትላእለዋይ አመሃድራ እቲ ትሲማ ኽወሃብ አለዎ።

**አብቲ ህጊ ብግልጺ እንተዘይተገለጸ እኳ ትሲማ ምስ/ናብ ንግዲ ማህበር ኽዋሃዱ ኽምቀሉ ወይድማ ኽቕየሩ አይኽእሉን።**

## 6.8 አመሃድራዊ ስጉምትታት

ሀሙሻይ ኽፍሊ እቲ ሀዱሽ ህጊ ትሲማ ን ምርግጋጽ ተሃታታይነት ትሲማ ዝምልከቱ ሜላታት ይምልከት። መንግስቲ ንህዝቢ ኻብ ምጭብርባር፣ ምድፋእን ናይ ኻልኦት መሰል ኻብምግሃስን ኽህልው ስጉምቲታት ኽወስድ አለዎ። ድንጉይ ኢልና ኸምንርእዮ እቲ ህጊ ን ትሲማ ናይ ኣርሶም ተሃታታይነትን ግልጽነትን ኸረጋግጹ የበረታትእ። እቲ ኤጀንሲ አብልእሊ ብህጊ ወይድማ ን አብባእሉ ህጊ ንዝተቐመጠ ኹነታት ንምሳሌ አመታዊ ሪፖርት ዘይምቕራብ፣ ደንጉይኻ ሪፖርት ምቕራብ ፣ ብህጊ ብዝተቐመጠ መሰረት ንለውጥታት ዘይምህባር ፣ ኻብ ዘይህጋዊ ምንጪታት ፈንድ ምቕባል፣ ዘይህጋዊ ተግባራት ምስራህ ወዘተ ዘየኽብሩ ትሲማ ግቡእ አመሃድራዊ ስጉምቲ ኽወስድ ይኽእል። ብምኺኑውን ብመሰረት ተፈጥሮን ኽብደትን እቲ ጥህሰት እቲ ኤጀንሲ ወይድማ ናይቲ ኤጀንሲ ቦርድ ወይድማ ቤት ፍርዲ ዝተፈላለዩ ኣይነቶም ስጉምቲታት አብ ልእሊ እቲ ጥህሰት ዝፈጸመ ትሲማ ኽወስዱ ይኽእል። ዞም አብቲ ህጊ ዝተቐመጡ ዝተፈላለዩ ስጉመትታት ብደረጃ ኽውሰዱ ዝተቀረጹ ኮይኖም ተግባራዊነቶም ድማ ጥርኣን ኽቐርበሉ ይኽእል። እዚ ኽፍሊ ብህጊ ዝተደንገጉ ንቶም ቐንዲ አይነታት ስጉምቲታትን ሀለዋታትን ይድህስስ።

## 6.8.1 መጠንቐቕታ

እቲ ህጊ ኽልተ ኣይነት መጠንቐቕታ የቐምጥ ፤ ሃሳብን ከቢድ መጠንቐቕታን። ብቲ ትካል ዝተፈጸመ ጥሀሰት ብተፈጥሮኡ ቐሊል እንተኾይኑ እቲ ኤጀንሲ ዝተፈጸመ ጥሀሰት ብ መእረሚ ስጉምቲ ዝቕረፍ እዩ ኢሉ እንተኣሚኑ እቲ ትካል ኽወስዶ ዝግባእ ናይ መስተኻኸሊ ስጉምቲ ንኽወስድ ሃሳብ ይህብ። ኣብዚ ናይ ሃሳብ ደብዳቤ እቲ ኤጀንሲ " ዝተፈጸመ ጥሀሰት ፈልዩ፣ ኽውሰዱ ዝግብኦም ስጉምቲታትን ንትጥሀሰት ንምእራም ናይ ግዜ ገደብ " (ኣንቀጽ 78/1/) ኽገልጽ ኣለዎ። ከቢድ መጠንቐቕታ ኣብ ልእሊ ብቲ ኤጀንስ ዝተውሃበ ሀሳብ ኣብዘይፈጸሙ ወይድማ ዝፈጸምዎ ጥሀሰት ኸቢድ ኾይኑ ኣብዝተረኸቡ ትካላት ብቲ ኤጀንሲኽውሰድ ኣለዎ ኣንቐጽ 78/2/። ብሀፈሻ እቲ ኤጀንሲ ሀንሳብ እቲ ትካል ናይ ህጊ ወይድማ ናይባእሉ ህጊ ከምዝጠሃሰ ምስወሰነ እርማት ኽግበር ወይድማ ከቢድ ናይጽሁፍ መጠንቐቕታ ኽህቦ ይኽእል።

## 6.8.2 ምእጋድ

እቲ ሀዱሽ ህጊ ትሲማ ን ምእጋድ፣ ምፍራስን ምስራዝን ትሲማ ምኽንያታቱን ስልጣንን የቐምጥ። ኣካል ናይ እብቲ ህጊ ዝተቐመጡ ኣመሃድራዊ ስጉምቲታት " ኸቢድ ናይ ህጊ ጥሀሰት ኽምዝተፈጸመ ምስፈለጠን እዚ ጥፍኣት ንተግባራት እቲ ትካል ንምእጋድ ኣድላዪ እንተገይርዎ " ኣንቐጽ 77/4/ ዳይሬክተር እቲ ኤጀንሲ ንቲ ትካል ንምእጋድ ትእዛዝ ኽህብ ይኽእል። እዚ ብትትካል ዝበጽሀ ጉድኣት ኸይቕጽል ንምህላው ብቲ ዳይሬክተር ኽውሰድ ዝኽእል ግዜያዊ ስጉምቲ እዩ። ኣብ እዋን እቲ ምእጋድ እቲ ትካል ኽልተ ኣማራጺ ኣለዎ፤ ሃደ ብቲ ኤጀንሲ ሃሳብ መሰረት ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሀ ናይ መስተኻኸሊ ስጉምቲ ምውሳድ ወይድማ ኻልኣይ ጥርኣን ናብ ቦርድ ምቕራብ። ይኹንበር ኻብዚኣቶም እቲ ሃደ ዘይምግባር ናብቲ ልእል ዝበለ ስጉምቲ ማለትውን ምፍራስ ኽምርሀ ይኽእል። እቲ ትካል ኣብ ውሳኔ እቲ ዳይሬክተር ቕሬታ እንተሊውዎ ናብ ቦርድ እቲ ኤጀንሲ ቐጺሉውን ብ ውሳኔ እቲ ቦርድ እንተዘይተሃጊሱ ናብ ፌደራል ከፍተኛ ቤት ፍርዲ ጥርኣን ከቕርብ ይኽእል።

## 6.8.3 ምፍራስን ምስራዝን

ትሲማ ናይ ፈንድ ሀጽረት፣ ምእዋት እላማ፣ እቲ ትሲማ ዝተጣየሸሉ ግዜ ምዝዛም ወይድማ ብ ኣመሃድራዊ ወይድማ ናይ ቤት ፍርዲ ስጉምቲ ሃዊሱ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ሀልውናኦም ከብቕእ ይኽእል።
እቲ ሃዱሽ ህጊ ትሲማ፤ ትሲማ ንምፍራስን ምስራዝን ኽጋለጹ ዝኽእሉሎም ምኽንያታትን ኣካይዳን የቐምጥ። ኣብቲ ህጊ ኸምዝተገለጸ ብመብዛህቱ ትሲማ ብፈቓዶም ወይድማ ብዘይፈቓዶም ኽፈርሱ ይኽእሉ። እቲ ዝለኣለ ኣካል እቲ ትካል ( ጠቕላላ ጉባኤ ወይድማ ቦርድ) ን ምፍራስ እቲ ትሲማ ኽውስን ይኽእል። እዚ ድማ ብግልጺ ብሀጊ ኣፍልጦ ዝተውሃቦ እዩ። ደንቢ እቲ ትካል ን ብፈቓደኛነት ምፍራሰ እቲ ትካል ኣኻይዳን ምኽንያታትን ከቐምጥ ይኽእል። ብምኳኑውን እቲ ጠቕላላ ጉባኤ ወይድማ እቲ ቦርድ ወይድማ ስልጣን ዝተውሃቦ ኣካል ብ ፈቓደኛነት ንቲ ትካል ኽፈርስ ኽውስን ይኽእል።

ህይወት ትሲማ ኸም ናይ መወዳእታ ናይ ስጉምቲ ኣማራጺ ብውሳኔ እቲ ኤጀንሲ ወይድማ ብውሳኔ ቤት ፍርዲ ኸብቕእ ይኽእል። ቦርድ እቲ ኤጀንሲ እቲ ትካል ብመሰረት መምርሂ እቲ ኤጀንሲ (78/4/) ን መስተኻኸሊ ስጉምትታት ንምትግባር ድልው እንተዘይኾይኑ ወይድማ ብቲ ኤጀንሲ ጻውኢት ኽግበረሉ እንከሎ ምህላዉ እንተዘየረጋገጹ (ኣንቐጽ 70) እቲ ትካል ንኽፈርስ ኽውስን ይኽእል። ብተወሳኺ ናይ ፊደራል ከፍተኛ ቤት ፍርዲ እቲ ትካል " ብ ኸቢድ ወንጀል ጥፍኣተኛ እንተኾይኑ ወየድማ ብ ቐሊል ናይ ወንጀል ጥፊኣታት ብተደጋጋሚ ጥፍኣተኛ ኾይኑ እንተተረኺቡ ወይድማ ምኽሳሩ ዝተኣወጀ እንተኾይኑ " ኣንቐጽ 83(2) እቲ ትካል ንኽፈርስ ኽውስን ይኽእል። ብሀፈሻ ብዘይ ውለቀ ፈቓድ ምፍራስ ኸም ናይ መወዳእታ ኣማራጺ ዝተቐመጠን ዝውሰድ ድማ እቲ ትካል ን ተግባሩ ኽእርም እድል ምስተውሃቦን ን ኸቢድ ጥፍኣትን ግልጺ ጥህሰትን ጥራህ እዩ። ብተወሳኺ እቲ ህጊ ን መሰል ትካል ንምህላው ቑልፊ ዝኾኑ ኽልተ ሀለዋታት የቐምጥ እዚኣቶም ናይ ምስማእ መሰልን ናይ ቤት ፍርዲ ኣማራጺን እዮም።

## 6.9 ናይ ምስማእ መሰል

ናይቲ ሀዱሽ ህጊ ትሲማ ኣንቐጽ 79 መሰል ምስማእ ትሲማ ቕድሚ ዝኾነ ስጉምቲ ኣንጻሮም ምውሳድ ኣፍልጦ ይሀብ ( ኣንቐጽ 79)። ትሲማ ንዝቐረበሎም ጉዳይ መኸላኸሊ ኸዳልዉ እኹል ግዜ ኽወሃቦም ኣለዎ። እቲ ሰበስልጣን ንኣርሶም በዝግባእ ኽኸላኸሉ ተግባሮም ዝተጻረሮ ህጊ ወይድማ ኣንጻሮም ዝተጀመረ ጥርጣሬ እኹልን ግልጽን ሀበሬታ ኽሀቦም ኣለዎ። ኻብኹሉ ንላእሊ እቲ ኤጀንሲ ብቲ ትካል ዝቐርበሉ ማስረጃ ኻብ ወገናዊነት ብዝጸረየ ኽምዝን ኣለዎ።

## 6.10 ወጽኢት ምፍራስ

ናይ ትሲማ ምፍራስ ናብ ኽልተ ውጽኢታት ኸምርህ ይኽእል፥ ናብ ንብረት ምጽራይን ናብ ምስራዝን። ንብረት ምጽራይ ን ንብረት ምግዋህን ን እዳታት እቲ ዝፈረሰ ሲቪኽ ማህበር ምኽፋልን ዘሎ ኣኻይዳ እዩ። እዚ ኣኻይዳ ን በኣል ገንዘብን በኣልድርሻ ኣካላት እቲ ትካል ንምህላው ዝተኣቀደ እዩ። እቲ ትሲማ ኣብ እዋን ምፍራስ ንቲ ኤጀንሲ ንብረት ኽቆጻጸርን ንብረት ዘጻርይ ኽሾምን ኣብ ውሽጢ 15 መኣልቲ ኸፍልጦ ኣለዎ ( ብ ኣርሰ ፈቓድ ወይድማ ብ ውሳኔ ቤት ፍርዲ ኽፈርስ)። እቲ ኤጀንሲ ን ንብረት እቲ ትሲማ ብግቡእ ብመሰረት ናይቲ ትካል ሰነዳትን ናይ ህጊ ቕድመ ኹነታተን ንምትህልላፍን ንቲ ውሳኔ ኣንጻር እቲ ህጉ ኽፍትሽ ይኽእል።

ብጀኻ ሕብረት (ኣንቐጽ 84/6) ዝኾነ ትሲማ እንኽፈርስ ንብረት ን መስረቲ፣ ሃለፍቲ፣ ኣባላት ቦርድ፣ ሰራህተኛታት፣ ረዳኢታት ወይድማ ኣባላት ከመቓቕል ኣይኽእልን፡፡

ሀንሳብ ንብረት ዘጻርይ ምስተሾመ ኣብ መደበኛ ኣካላት ንቲ ትሲማ ብምውካል ንዞም ስልጣናት ኽትግብር ይቕመጥ። እቲ ንብረት ዘጻርይ ን ፋይናንስ እሴትመንት ሃዊሱ ናይ ንብረት ቐጸራ የካይድ ን በኣል ገንዘባት ኽመጽኡን ህቶኦም ከቕረቡ ኣብ ይፋዊ ጋዜጣ ወይድማ ብኻልእ ሜላ ህዝባዊ ጻውኢት ይገብር። እዳ እቲ ትካልን ወጪ ናይ ምፍራስ ምስተኽፈለ እቲ ንብረት ዘጻረያ እቲ ዝተረፈ ንብረት ብመሰረት እቲ ደንቢ ወይድማ ህጊ የተሃላልፍ።

ምስራዝ እቲ ኻልእ ውጽኢት ምፍራስ ትሲማ እዩ። ንብረት ምጽራይ ምስተዛዘመ እቲ ንብረት ዘጻረየ ንቲ ኤጀንሲ ንቲ ትካል ኻብ መዝገብ ንኽዝስርዞ ሪፖርት ይገብር።

## 6.11 ናይ ዓርሰ ምምህዳር መርህ

ትሲማ ን ግልጽነት፣ ተኣማናይነት ን ዴሞክራስያዊ ኣወቓቕራን እላማ ዝገበረ ነጻ ናይ ኣርሰ ምምህዳር ደረጃታት ኽፈጥሩ ይበረታትኡ። እቲ ህዱሽ ህጊ ትሲማ፤ ትሲማ ብ ኣርሰፈቓደኛ ኣርሰ ምምህዳር ኣቢሎም ን ውጽኢታውነትን ትግበራን ልእል ዝበለ ደረጃ ከቐምጡ የበረታትእ። ብዚ እላማ መሰረት እቲ ሃዱሽ ህጊ ንቲ ካውንስል

- ንቲ ሴክተር ናይ ስነምግባር ደንቢ ከውጽእን ምስቲ ኤጀንሲ፣ ረዳእቲን ኻልኦት በኣል ድርሻታት ብምምኻር ተግባራዊ ኽኾን ዘኽእል ናይ መፈጸሚ ሜላ ኽምህዝ
- ንቲ ኤጀንሲ ኣብ ምዝገባን ምምህዳርን ትሲማ ምኽሪ ኽህብ
- ን ሲቪል መሃበረሰብ ሴኽተር ኽውኽልን ከቐናጅውን
- ናይ ባእሉ ውሽጣዊ ህጊ ኽውጽእ ኣጣዩሹ እዩ።

ኹሎም ዝተመዝገቡ ትሲማ ብ ሙሉእ ተሳትፎኦም ኣብዝመሃደር እቲ ካውንስል ኣባል ኽኾኑ ትጽቢት ይግበር። ምጥያሽ እቲ ካውንስል ን ምጥንኻር ኣርሰ ምምህዳር ስርኣት ህገዝ ይገብር።

CIVIL SOCIETY
RESOURCE CENTER

የኢትዮጵያ ፌደራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ
የሲቪል ማኅበረሰብ ድርጅቶች ኤጀንሲ

Ferderal Democratic Republic of Ethiopia
AGENCY FOR CIVIL SOCIETY ORGANIZATIONS